# ሓዳስ ኤርትራ


መበል 34 ዓመት ቁ.174 ቀዳም 22 መጋቢት 2025 ገጻት 12 ዋጋ 2.00 ናቕፋ

ገጽ 2
ዜና

ገጽ 3
ምህዞን ለውጢ ወዲ-ሰብን



ገጽ 4
ምድላው ፈልሲ ኣትክልቲ



ገጽ 5
ብኸመይ ኣገባብ ክጽንብሎ?

ገጽ 11
ናትናኤል ተስፋጽዮን ካብ ውድድር ሚላኖ-ሳንሬሞ ተኣልዩ



## ኤርትራ፡ ኣብ ኣኼባ ኮሚሽን ምክልኻል ውሸባዊ ባልዓት ብቑሊ ተሳቲፋ



ኤርትራ፡ ካብ 17 ክሳብ 21 መጋቢት ኣብ ከተማ ሮማ - ኢጣልያ ኣብ ዝተኻየደ መበል 19 ዋዕላ ኮሚሽን ምክልኻል ውሸባዊ ባልዓት ብቑሊ ተሳቲፋ።

ኣብ'ዚ ዋዕላ፡ ኣብ ሚኒስትሪ ሕርሻ ዋና ዳይረክተር ክፍሊ ኣገልግሎት ሕጋጋትን ቁጽጽርን ኣቶ ተኽለኣብ ምስየና ዝመርሖ፡ ምኽትል ቀዋሚ ወኪል ኤርትራ ኣብ ውድብ መግብን ሕርሻን ኣህጉራዊ ማዕከን ልምዓት ሕርሻን ኣቶ ኣስመሮም ኪዳነ ዘርከቦ ልኡኽ ከም ዝተሳተፈ፡ ህዝባዊ ርክባት ሚኒስትሪ ሕርሻ ኣፍሊጡ።

ኮሚሽን ምክልኻል ውሸባዊ ባልዓት ብቑሊ፡ ኣብ ትሕቲ ጽላል ውድብ መግብን ሕርሻን ንዝመሓደር 'ዓለምለኻዊ ውዕል ምክልኻል ባልዓት ብቑሊ' ዝፍለጥ ምትእኽኻብ ሃገራት ዝውክል ኮይኑ፡ ኤርትራ ካብ ሚያዝያ 2001 ኣባል ናይ'ዚ ምትእኽኻብ'ዩ።

ቀንዲ ዕላማታት 'ዓለምለኻዊ ውዕል ምክልኻል ባልዓት ብቑሊ'፡ ምዕዛዝ ዓለምለኻዊ ውሕስነት መግብን ምርግጋጽ ቀጻልነት ሕርሻዊ ዕቤትን፡ ምክልኻል ኣካቢ ካብ ጽልዋ ባልዓት ብቑሊ፣ ከምኡ'ውን ዓለምለኻዊ ደረጃታት ምክልኻል ባልዓት ብቑሊ ብምድላው ንዓለምለኻዊ ንግዲ ጥጡሕ ባይታ ምፍጣር የጠቓልል።

ብመሰረት'ዚ ውዕል ድማ፡ ኤርትራ ብመገዲ ሚኒስትሪ ሕርሻ፡ ቁጽጽር ሰደድ ብቑልን ፍርያት ብቑልን ብዲጂታላዊ መልክዕ ንምትግባር ምድላዋት ኣጻፊፋ ከም ዘላ ክፍለጥ ተኻኢሉ ኣሎ።

ብዘወሃሃደ፡ ሚኒስትሪ ሕርሻ ኣብ'ቲ 'ምሕያል ፕሮግራም ውሸባ ብቑሊ ኣፍሪቃ' ዝተባህለ መደብ ንምስታፍ ኣብ ምድላው ከም ዘርከበ፡ ህዝባዊ ርክባት ናይ'ቲ ሚኒስትሪ ኣፍሊጡ።

## ሃገራዊ ምርኢትን ውድድርን ምህዞን ሰንዓን፡ ኣብ ኣስመራ ተኸፊቱ

"ምህዞ መንእሰያት ንዘበርኽ ልምዓት" ብዝብል ቴማ፡ ብምውህሃድ ሃማመተኤን ሚኒስትሪ ሕርሻን ዝተዳለወ ካልኣይ ሃገራዊ ምርኢትን ውድድርን ምህዞን ሰንዓን ትማሊ 21 መጋቢት ኣብ ኣስመራ ተኸፊቱ።

ኣብ'ቲ ኣብ ማእከል ምህዞን ዋኒንን መንእሰያት ዝተኻየደ፡ ላዕለዎት ሰበ-ስልጣን መንግስትን ግንባርን ከምኡ'ውን ዕድመ ዝተጐበረሎም ኢጋይሽ ዝተረኽቡሉ ሱ-ስርዓት፡ ሓላፊ ውድባዊ ጉዳያት ህግደፍ ኣቶ የሱፍ ሳይቕ፡ ነቲ ትሕዝቶ መርሓ ከፊትዎ።

ኣቦ-መንበር ኣሰናዳኢት ኮሚቲ ኣቶ ሳምሶም ክፍለ ኣብ ዘስመዖ ቃል፡ ምህዞን ሰንዓን ከምኡ'ውን ፈጠራን ተበላሕትነትን መንእሰያት ንምምዕባል፡ ሃማመተኤ ካብ ነዊሕ ኣትሒዙ ክሰርሓሉ ዝጸንሐ ምዃኑ ብምጥቃስ፡ በዚ መሰረት - ኣብ ዝተፈላለየ እዋናትን ቦታታትን ናይ ምርኢትን ውድድራትን ባይታ ከዳሉ፣ ንበለጻት ስርሓት ክሸልም፣ ከምኡ'ውን ኣፍልጦ ክሀብን ከተባብዕን ምጽንሑ ገሊጹ።

ኣብ'ዚ ክሳብ 22 መጋቢት ዝቕጽል መደብ፡ ኣቐዲመን ውሽጣዊ ውድድራት ዘካየዳ ዞባታት፡ ዝበለጸ ሰለስተ ስርሓት ሒዘን ክቐርባ ከለዋ፡ ናይ ዞባ ማእከል ውድድር ድማ ማዕረ-ማዕረ'ቲ ሃገራዊ ምርኢትን ውድድርን ይካየድ ከም ዘሎ ክፍለጥ ተኻኢሉ ኣሎ።

ኣብ'ዚ ምርኢትን ውድድርን ቀረቡ ዘሎ ትሕዝቶ፡ ቁጠባዊ ረብሓ ዘበርኽ፡ ፍርያምነት ዘድልብ፡ ከምኡ'ውን ሃልክን ወጻኢታትን ዘቃልል ክኸውን ትጽቢት ይግበር።

ቀዳማይ ሃገራዊ ምርኢትን ውድድርን ምህዞን ሰንዓን "ፈጠራውነት መንእሰያት መሰረት ምዕባለ" ብዝብል ቴማ፡ ብ17ን 18ን ለካቲት 2024 ኣብ'ታ ማእከል ፈጠራን ተበላሓትነትን ዝኸውት መደበር ምኪያዱ ዝዝከር'ዩ።



ስእሊ ዳኒኤል ወልዱ

## ሓጋዝ - ኣደታት ኣብ ሃገራዊ መልቀቒ ፈተና ካልኣይ ደረጃ ይሳተፋ ኣለዋ

ኣብ ንቕጣ ሓጋዝ ኣብ ሃገራዊ መልቀቒ ፈተና ካልኣይ ደረጃ ዓመተ-ትምህርቲ 2024/2025 ዝሳተፋ ዘለዋ ኣደታት፡ ድሌትን ተበግሶን እንተሎ ናብ ዕላማኻ ካብ ምብጻሕ ዝዕግተ ከም ዘየለ ገሊጸን።

እዘን ብሰንኪ ሓዳርን ወላድን፡ ባህላዊ ጸቕጢ፡ ማሕበራዊ ሽግራት፡ ራሕቂ ዓድታትን ካልእን ትምህርተን ከቋርጻ ተገዲደን ዝጸንሓ ኣደታት፡ ዶግማይ ትምህርተን ንምቕጻል ብዘለወን ድሌት፡ ግቡእ ምድላዋት ብምግባር ኣብ ሃገራዊ ፈተና ክሳተፋ ከም ዝበቕዓ ኣብሪሀን።

እዘን ኣብ ንቕጣ ሓጋዝ ዝፍተና ዘለዋ ነፍሱጾራትን ሰንኩልናን ዘለወንን ዘርከበኦን 27 ኣደታት፡ 20 ካብ ዞባ ዓንሰባ - ንኡስ ዞባ ሃበሮ፡ እተን 7 ድማ ካብ ዞባ ጋሽ-ባርካ - ንኡስ ዞባ መንሱራ ዝመጻ እየን።

ንሳተን ሚኒስትሪ ትምህርቲ ንዝፈጠረለን ዕድላትን ጸጋታትን ተጠቒመን ኣብ'ዚ ደረጃ ምብጽሐን ንዕኡን ነጥበ መቐይሮ፣ ንካልኦት ኣደታት ድማ ኣርኣያን ተስፋን ከም ዝኾኑ ሓቢረን።

ሱፐርቫይዘራትን ሓለፍቲ ትምህርትን ንኡሳን ዞባታት ሃበሮን መንሱራን ብወገኖም፡ እተን ኣደታት ንዘበረን ተጻዕኖን ሽግራትን ተጻዊረን መሃይምነት ብምጥፋእ ኣብ'ዚ ደረጃ'ዚ ምብጽሐን ኣብ'ቲ ከባቢ ንዘጸንሐ ግጉይ ርድኢት ኣብ ምእራም ቀሊል ዘይኮነ ተራ ከም ዘህልዋ ኣገንዚቦም።



ስእሊ ሰመረ ኢዮብ

## ዜና

# ማእከል - ሆስፒታል ብርሃንዓይኒ መጥባሕቲ ሓበላን ግላኮማን ይካየድ ኣሎ




ኣብ ሃገራዊ መወከሲ. ሆስፒታል ብርሃንዓይኒ፡ ብምትሕብባር ኤርትራውያንን ኣብ ካሊፎርንያ - ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ ዝመደበሩ 'ኪዩር ብላይንድነስ' ዝተሰምየ ጉጅለ ሓካይምን፡ መጥባሕቲ ሓበላ ዓይኒን ግላኮማን ይካየድ ኣሎ።

ኣብዚ ካብ 17 ክሳብ 23 መጋቢት ዝቐጽል ዘሎ መደብ፡ ዛጊት ንልዕሊ 300 ሕሙማት ናይ ሓበላ፡ ንልዕሊ 10 ሕሙማት ድማ ናይ ግላኮማ መጥባሕቲ ተኻዒዱ ኣሎ።

ንጉጅለ ሓካይም 'ኪዩር ብላይንድነስ' ጠርኒፉ ዝመጸ ኣባል ቦርድ ዳይረክተራት ዶ/ር መንግስ ባይሩ፡ እቲ መጥባሕቲ ኣካልን መቐጸልታን ናይ'ቲ እናተመላለሱ ዘካይድዎ ናይ መጥባሕትን ስልጠናን መደባት ምዃኑ ብምጥቃስ፡ ገጢ-ገጢ'ቲ ኣገልግሎት መጥባሕቲ፡ ንኤርትራውያን ሓካይም የስልጥኑን ተመክሮ የካፍሉን ከምዝለዉ ገሊጹ።

ማሕበርም፡ ቁጽሪ ሕሙማት ሓበላ ኣብ ምንካይ፡ ቴክኖሎጂ ኣብ ምስጋጋርን ናይ መሳርሒታት ሕክምና ሓገዝ ኣብ ምግባርን ከምዝሰርሕ ዝጠቐሰ ዶ/ር መንግስ፡ ኣብ'ቲ ናይ ስልጠና መደብ 8 ናይ ድሕረ-ምረቓ ኤርትራውያን ተመሃሮ ሓካይም ይሳተፉ ከምዝለዉ ኣብሪሁ።

ኣብዚ መጥባሕትን ስልጠናን ዘጠቓልል መደብ ዝሳተፉ ዘለዉ ኤርትራውያን ሓካይም ብወገኖም፡ እቲ ስልጠና - ኑቲ ብክልሱ-ሓሳብ ዝፈልጥዎ ዝበሩ፡ ብግብራዊ ስልጠና ንኸድርዕዎ ከምዝሓገዞም ገሊጾም።

ሜዲካል ዳይረክተር ሆስፒታል ብርሃንዓይኒ ዶ/ር ካሕሳይ ፍስሓጽዮን ድማ፡ እቲ መደብ ዝበዝሐ ብመንእሰያት ኤርትራውያን ሓካይም ይካየድ ምህላው፡ ካብ'ቲ ናይ ዝሓለፈ ዓመታት ፍሉይነት ከምዝለዎ ብምሕባር፡ ኣብ መጻኢ. ዓቕሚ ኤርትራውያን ሓካይም ንምብራኽ፡ ኣብ ስልጠና ጸቒጦም ከምዝሰርሑ ኣረዲኡ።

ንተወፋይነትን ድሌትን ኤርትራውያን ሓካይም ዝመጎሰ ክኢላ መጥባሕቲ ግላኮማ ዶ/ር ቶማስ ታየሪ (Thomas Tayeri)፡ እቲ ዝቐጽል ዘሎ መጥባሕትን ስልጠናን፡ ኑቲ ኣብ መጻኢ. ብዓቕሚ ኤርትራውያን ሓካይም ክቕጽል ዝሕለን መጥባሕቲ ግላኮማ ዓቢ. መንጠሪ ባይታ ከምዝሽፍን፡ ጽኑዕ እምንቱ ገሊጹ።


## ብዘይካ ሰኑይ መዓልታዊ እትሕተም ጋዜጣ

**ዋና ኣሰናዳኢ.**

ብርሃን ምሕረትኣብ

**ምክትል ኣሰናዳኢ.**

ዓብደልቃድር ኣሕመድ

ቊ.ስ 116266 / 201820 (256)

**ቦርድ ምስንዳእ**

ዮሴፍ ሃይለማርያም

ምሉእብርሃን ሃብተገብርኤል

ተስፋኣለም የማነ

ቊ.ስ 201820 (250)

ፋክስ. 127749 - ቊ.ሳ.ጶ. 247

**ለይ-ኣውት**

ፍርቱና ኤፍሬም — ትንሱእ ፍስሃየ

ሓበን ገብረኣምላኽ — ሰሎሜ ኣፈወርቂ

ሳምራዊት ሃብተ

**ምዝርጋሕ ጋዜጣ**

ቊ.ስ.163471-07588045

**ምልክታ**

ቊ.ስ. 125013 - ቊ.ሳ.ጶ. 1284


## ርእሰ ዓንቀጽ

# ኣህጉራዊ ማሕበረሰብ ሕጂስ ሓላፍነቱ ክስከም ግቡእ እዩ

ኣብ ፈለማዚ. ሰሙን'ዚ፡ ሚኒስተር ጉዳያት ወጻኢ. ኤርትራ ዐስማን ሳልሕ፡ ኣብ ኣስመራ ንዝርከቡ ዲፕሎማስኛታትን ወከልቲ ሕቡራት ሃገራትን፡ ኣንጻር ኤርትራ ዝጋዋሕ ዘሎ መጋጸ. ሓበሬታን ናይ ሓሶት ክሰታትን ብዝምልከት መብርሂ ሂቡ። ሰራዊት ኤርትራ ኣብ መሬት ክልል ትግራይ ናይ ኢትዮጵያ ከምዝሎ ኣምሲልካ ዝቕረብ ሓሶት መሰረት ከምዘይብሉ ብምግላጽ ድማ፡ ሓይልታት ምክልኻል ኤርትራ ካብ ሕዳር 2022 ጀሚሩ፡ ናብ ወሽጢ'ቲ ፍሉጥ ኣህጉራዊ ዶብ ከምዝኸሓበ ኣዘኪሩ። ንኤርትራ በቓ ወሽጣዊ ቅልውላዋት ኢትዮጵያ ናይ ምግባር ፈተነ ከምዘሎ ጠቒሱ ድማ፡ ውዕል ፕሪቶርያ ዘቤታዊ ጉዳይ ኢትዮጵያ ምዃኑ፡ ኤርትራ ኣብ ወሽጢ. ትግራይ ኣብ ዝተኸሰተ ናይ ስልጣን ቀርቀስ ኢዳ ከተእቱ ድልየት ከምዘይብላ ኣረዲኡ። ብተወሳኺ፡ ንሓደገኛ ብሀሎታት ኢትዮጵያ ብዛዕባ ምርካብ በሪ ናብ ቀይሕ ባሕሪ ነቒፉ።

እቲ መብርሂ ኑቲ ዘሎ ኩነታት ብቐጥታ ኣብ ርእሲ. ምቕራብ፡ ብዙሓት ጉዳያት ዘጉልሐ እዩ ነይሩ። ማሕበረሰብ ዓለም ሰላም ከተጉብዕ እናተጉብአ ኣብዚ ዞባ ዘይርጉእነት ኣብ ምጉዛዝ ዝበሮ ታሪኻዊ ግደ፡ ሓይልታት ዓለምና ፍትሒን ኣህጉራዊ ሕጊን ክኸበር ኣብ ክንዲ. ምጽዋዑ ልኡላውነት ኤርትራ ኣብ ምግሃሰን ወራራት ኣብ ምትብባዕን ዝጸንሖም ተራ ብምንጻር ድማ፡ ኣብ ቀርኒ. ኣፍሪቃ፡ ወጥሪ ኣብ ዝዋርገሉ ዘሎ እዋን፡ ኣህጉራዊ ማሕበረሰብ ኣብ ጎድኒ'ቲ ንዋሒ እዋን ዝፈሸለሉ ጉዳይ ፍትሒ. ደው ክብል፡ ግህሰት ኣህጉራዊ ሕጊ. ብምኹናን ጸረ-ወረር ጽኑዕን መትከላውን መርገጺ. ክሕዝ ሓላፍነቱ ምዃኑ ኣስሚሩሉ።

### ማሳል ርእሱውሳ ህዝቢ. ኤርትራ ምንፉግን ዕሽሽ ምባልን

ሃሲያ ማሕበረሰብ ዓለም ኣብ ልዕሊ. ህዝቢ. ኤርትራ ነዊሕ ታሪኻዊ ሰረት ዘለዎ እዩ። ድሕሪ ካልኣይ ኩናት ዓለም፡ ማሳል ርእሱውሳ ህዝቢ. ኤርትራ ንግለባዊ ረብሓታት ተባዚሉ ፕሻል ማስዋእቲ ኮይኑ እዩ። ኤርትራ ድሕሪ ብመግዛእቲ ጣልያንን ምምሕዳር ብሪጣንያን፡ ብዘይ ድሌት ህዝባ ምስ ኢትዮጵያ ብፌደረሽን ከምእትቕረን ተገይሩ። ሓላፊ ክፍሊ. ጉዳያት ወጻኢ. ኣመሪካ ዝነበረ ጆን ፎስተር ዳላስ ኣብ መስከረም 1952 ኣብ ባይቶ ጸጥታ ሕቡራት ሃገራት ዝሃቦ፡ እቲ ውሳኔ ብስትራተጂያዊ ረብሓ ምዕራባውያን ዝተደረኸ ምንባሩ ዘረጋገጸ እዩ፦

***"ብዓይኒ ፍትሒ፡ ርእይቶ ህዝቢ. ኤርትራ ኣብ ግምት ክኣቱ ነይሩዎ። እንተኾነ ግና ስትራተጂያዊ ረብሓ ሕመኦመሪካ ኣብ ማዕዶት ቀይሕ ባሕርን ዓለማዊ ሰላምን ጸጥታን፡ እታ ሃገር ምስ'ታ ብሓልቲ ቃልኪዳንና ዝኾነት ኢትዮጵያ ክትቕረን ግድን ገይሩዎ ኣሎ።"***

ኣብ ዝቐጸለ ግዜ እውን፡ ኢትዮጵያ ደይ-መደይ ኢላ ንፌደረሽን እናፍረሰቶን ንኤርትራ ብሓይሊ. እናለሓቐቶን ኩሉ ማሰሉት ህዝቢ. ኤርትራ እናተጋህሰን ኣህጉራዊ ሕጊ. እናተጣሕሰን እንከሎ፡ ማሕበረሰብ ዓለም ኣጽቂጡ እዩ ዝዕዘብ ነይሩ። ንሰላሳ ዓመታት፡ ንሕቶ ማሳል ርእሱውሳ ህዝቢ. ኤርትራ ዕሽሽ ስለዝበሎ ከኣ፡ ኤርትራ በይና ብዘይ ዝኾነ ኣህጉራዊ ምትእትታውን ደገፍን፡ ኣብ ኣፍሪቃ እቲ ዝነውሐ ኩናት ክተካይድ ተቐሲባ። እዚ. ብዘይ ዋላ ሓደ ለውጢ. ክሳብ 1991 - ንፍርቂ. ዘመን ዝቐጸለ ኩሉ-መዳያዊ ወጽዓን ግህሰትን'ዚ፡ ኣብ ሰነድ 1980 ናይ ኣህጉራዊ ሊግ ንመሰልን ሓርነትን ህዝብታት ብኸምዚ. ዝስዕብ ሰፊሩ ይርከብ፦

***"ህዝቢ. ኤርትራ፡ ብወተሃደራዊ ይኹን ብፖለቲካዊ መዳይ ዝግባእ ኣፍልጦ ተነፊጉዎ ን320 ዓመታት በይኑ ጸሊሉ ተቓሊሱ እዩ።"***

ሓደ ዓመት ድሕሪ'ዚ. ማለት ኤርትራ ናጽነታ ቅድሚ. ምጉንጻፉ ዓሰርተ ዓመት፡ ኮሚሽን ኣህጉራዊ ክኢላታት ሕጊ. ኣብ ዘዘርግሖ መግለጺ፦

***"ካብ ኩሉም እቶም ጉዳያት ሓያሳን ካልኣይ ኩናት ዓለም ዝኾኑ ህዝብታት፡ እቲ ቕቡልን ክሰማዕ ዝግብኦን ሕቶ ዝበሮ ህዝቢ. - ህዝቢ. ኤርትራ እዩ። ይኹን እምበር፡ ኣብቲ ኣህጉራዊ ውድብ ዝ. ኣርእስቲ'ዚ. ከተልዕሎ እትደሊ. ሃገር ኣይነበረትን። እቲ ምኽንያት ድማ፡ እቲ ሕቶ ኑቲ ውድብ ንባዕሉን ንኽልኣት ተመሳሳሊ. ጸገም ዝበርም ወገናትን ምንጪ. ዘይምርግጋእ ክይኮውን ስለዘተባብዕ'ዩ።"***

ኤርትራ ኣብ 1991 ወግዓዊት ኣባል ው.ሕ.ሃ. ምስ ኮነት፡ ፕረዚደንት ኢሳይያስ ኣፈወርቂ ኣብ ሓፈሻዊ ባይቶ ናይቲ ውድብ፡ ኑቲ ዝበረ. ዕሽሽታ ኣመልኪቱ መደረ ኣስሚዑ ነይሩ፦

***"እቲ ናይ ሰቓትን ጸማም እዝኒን ዓመታት፡ ንስቓይ ህዝብና ኣናዊሕዎ እዩ። ኢድ ወረርቲ ናጻ ብምግዳፍ ከኣ ጸገማትና ክናዋሕን ማስዋእትና ክዕዘዝን ዓቢ. ግደ ኣበርኪቱ። እንተኾነ ግን፡ ንሕና ኣብ ፍትሒ. ኮታ ኣብ ተዓዋትነት ጉዳይና ኣየጉደልናን። ከምቲ ምስላ ኤርትራ፡ 'በትሪ ሓቂ ትቐጥን እምበር ኣይትሰበርን' ዝብሎ ከኣ መወዳእታኡ ፍትሒ. ተዓዊቱ። እዚ. ንህዝቢ. ኤርትራ ጥራይ ዘይኮነ ንኹሉም ደለይቲ ፍትሒን ሰላምን ምንጪ. ተስፋን ሓገሰን እዩ።"***

### ዘየቋርጽ ተጻብኦታትን ድርብ መዐቀኒታትን

ኤርትራ ዘካየደቶ ገድሊ፡ ምስ ምጉንጻፍ ናጽነት ኣየኸተመን። እኳ ድኣ ድሕሪ ናጽነታ፡ ካብ 1998 ክሳብ 2000፡ መንግስቲ ኤርትራ ምዕላው ዝዕላማኡ ተጻብኦን ኩናትን ገጢ.ሙዋ። ካብ ግዝኣታ እንተላይ ካብ ገምገም ቀይሕ ባሕሪ ዝቢ.ፍ መሬት ብሓይሊ. ንምምንዛዕ ተሃቂታ። ብዘይካ'ዚ፡ ማሕበረሰብ ዓለም፡ ኢትዮጵያ ኮሚሽን ዶብ ኤርትራን ኢትዮጵያን ዝሓለፎ "ናይ መወዳእታን ቀያዲን" ብይን ጥሒሳ ንኣስታት ክልተ ዕቑድ ዝኣክል ብዘይሕጋዊ ወተሃደራዊ ገብጣ መሬት ኤርትራ ክትሕዝን ብተደጋጋሚ. ሰፊሕ ወተሃደራዊ መጥቃዕቲታት ክትከፍትን ፈቒዱላ እዩ። ሓይልታት ምዕራብ ድማ፡ ኣብ ክንዲ. ኑቲ ኢትዮጵያ ትፍጽሞ ዝበረት ጥሕሰታት ሕጊ. ምኹናን፡ ኑቲ ንኣ ተካይዶ ዝበረት ተጻብኦን ምትንኻላትን ይድግፉ ነይሮም። ኣብ ከምዚ. ዓይነት ኩነት፡ ኢትዮጵያ ኣብ ትሕቲ ወያነ (TPLF) ከም መሓዛ ምዕራብ ተወሲ.ዱ ኣዝዩ ብዙሕ ባጀታውን ዓይነታውን ናይ ወጻኢ. ደገፍ ተቐቢ.ላን ዕዳኣ ተሰሪዙላን እዩ።

እቲ ዝበኣሰ፡ ብትእዛዝ ሓይልታት ምዕራብን ዞባውያን ልኡኾቶምን፡ ብዘይ ጭብጥ መርትዖ ናይቲ ዝቐርብ ዝበረ. ጠቕኒ ክሰታትን ኣብ ልዕሊ. ኤርትራ ሓደገኛን ቀጻዕን እገዳታት ምትግባሩ እዩ። እዚ. ተጻብኤ. ስጉምቲታት'ዚ፡ ኑቲ ኤርትራ ተካይዶ ዝበረት ሃገር ናይ ምህናጽ ጻዕርን ዞባዊ ዝምድናታት ናይ ምዕባዝ ተበግሶን ዓንቂጽዎ ጥራይ ዘይኮነ፡ ተጻብኢ. ተግባራት እውን ከምዝሰዕር ገይሩ እዩ። ዝቐረበ ክሰታት ሓሶት ምዃኑ ድሕሪ ምቕላዑ እውን እንተኾነ፡ እገዳታት ንሓያለ ዓመታት ክጸንዕ ምውሳኑ፡ ንኤርትራ ናይ ምድራትን ናይ ምቁጽጻርን ዓቢ. ኣጀንዳ ዘንጸባርቕ ደኣ'ምበር፡ ንሓቀኛ ሰላምን ርግኣትን ዝዓለመ ከምዘይነበረ ግሁድ ይገብሮ።

ከም ፖለቲካዊ ጣልቃ ምእታው፡ ኤርትራ ግዳይ ዘየቋርጽን ዝተወሃሃደን ናይ ሚድያ ዘመተ ክትከውን ተፈሪዳ እያ። እዚ. ከኣ፡ ኑቲ ኣብ'ዚ. ዞባ ዘሎ ቀንዲ. ምንጪ. ናይ ግርጭትን ዘይርግኣትን ኣጸልሚቱ፡ ንኤርትራ ንምኽፋእን ንምስይጣንን ዝተዓለመ ውዲት እዩ።

### መትከላዊ መርገጺ. ዝወሰደሉ ግዜ ሕጂ'ዩ

ሎሚ፡ ንቀይሕ ባሕሪ ከበቢኡ ዝርከብ ቅልጽምካ ናይ ምርኣይ ሓፋ-ሓፋን ብኡ. ማጠን ዘሕር ዘሎ ወጥርታትን፡ ንዞባዊ ርግኣት ሓደገኛ ስግኣት ፈጢ.ሩሉ ይርከብ። ስለዚ፡ ማሕበረሰብ ዓለም፡ መትከላዊ መርገጺ. ወሲዱ፡ ኑቲ ነዊሕ ዝታሪኹ ፍሸለት ክእርም ዝጀምረሉ ግዜ ሕጂ እዩ። በዚ. ምኽንያት'ዚ፡ ኣብ ክንዲ. ሓቅታትን ጭብጥን ዘይብሉ መግለጺታት ምውጻእ፡ ወይ'ውን "ንክልቲኡ ወገን" ማዕረ ዝርኢ. ቀልዓለማዊ መርገጺ. ምሓዙ፡ ማሕበረሰብ ዓለም፡ ኑቶም ኣህጉራዊ ሕጊ ዝጥሕሱ ዘለዉ፡ ኑቶም ስግኣታት ዘኮትኩቱ ዘለዉ፡ ከምኡ'ውን ኑቶም ኣብ ልኡላውነትን መሬታዊ ሓድነትን ካልኦት ሃገራት ስግኣት ዝፈጥሩ ዘለዉ. ወገናት፡ ብዙሓዩለን ብዘየወላውልን መገዲ. ክኹንንዎም ይግባእ። እቲ ምንታይ፡ ፍትሕን ሰላምን ከምኡ'ዚ. ዝጠልቦ ነገር ስለዘየልቦ።

# ኮርናዕ ተመሃሮ

ሱራፌል ተስፋብሩኽ

## ምህዞን ለውጢ ወዲ-ሰብን



ሰብ ዝብሃል ፍጥረት ናብዚ ዘለዎ ደረጃ ቀስ እናበለ'ዩ በጺሑ። ንኹሎም ዓበይትን ሓያላትን እንስሳታት ብሓንሳብ ዓብሊሉ ወይ በሊጹ ኣይመጽኣን። ቀስ እናበለ እቲ ዝተዓደሎ ኣእምሮ ሕልፊ ካልኦት እንስሳታት ክጥቀመሉ ጀመረ። ሓደ ድሕሪ እቲ ሓደ እናተደመረ ኸኣ ብልሑ ኣዛየደ። ሕልፊ ኩሎም ክጣበብን ክፈልጥን ከኣለ። ኣብዛ ዓለም ንዝመጽእ ክስተታት ቀልጢፉ የንብቦን ይርድኦን ብምንባሩ፡ ምስቲ ዝመጽእ ለውጥታት እናተለወጠ ከይዱ።

ንሚልዮናት ዓመታት መልክዕ ወዲ-ሰብ እናተቐየረ ምምጽኡ ጥራይ ዘይኮነ፡ ክሳብ 7 ቢልዮን ብዝብዝሑ ቍጽሪ ኣብዛ ፕላኔት ክህሉ ከኣለ። እሞ ኸኣ መከላኸልን ጸምርን ዘይብሉ ናብ ባእታታት ዝተቓልዐ፡ ብዘይ ስሩዕ መግብን ማይን ክጸንሕ ዘይክእል፡ ብታህዋሲያን ኣዚዩ ተነቃፊ፡ ንእሽተይን ኣካላዊ ጥንካረ ዘይብሉን ክነሱ ክነግስ ምኽኣሉ ብኸመይ'ዩ?

መሬት ወጊሑ ካብ ዓራትና ክንትስእ እንክለና ብዛዕባ ኩነታት ኣየርን ካልእን ኣይንጭነቕን ኢና። ከም እንነብር ንጠራጠረሉ ምኽንያት ኣብ ዘይብልና ርእሰ-ምትእምማን በጺሕና ንርከብ። እዚ፡ ውጽኢት ናይ ኣሽሓት ዘመናት ጉዕዞ ወዲ-ሰብ'ዩ። ነዚ ኩሉ ክንበጽሕ ዘኽኣለና ኸኣ ኣዝዩ ሓሳብን ተመራማርን ሓንጎል ስለ ዘለና እዩ። ሰብ ካብ ዘይተፈትሖ ግድላትን ንምፍትሖም ካብ ዝገብሮ ቃልስን ወጺኡ ክነብር ኣይክእልን'ዩ። ኩሉ ግዜ ዘይተፈትሑ ግድላት ኣሎዎ። ኣብዛ ዓለም ብዙሕ መሰናኽል ክገጥሞ እንክሎ ከም ውህብ ተቐቢሉ፡ ንምፍትሑ ካብ ምቅላስ ድማ ዓዲ ኣይውዕልን'ዩ። ቀዳሞት ደቂ-ሰብ ከም ኣራዊት ኣብ መሮር እናነበሩ ናይ ምንባር ቃልሲ ነበሮም። እቲ ምስ እንስሳታትን ባህርን ዝገብሩዎ ቅልስ፡ ምስ ኣካላዊ ባህሪኦምን ፍጥረቶም ክንድ'ዚ ክነብሩን ክበዝሑን ኣይምኸኣሉን። ነቲ ዝነበሮም ግድላት ንምፍታሕ ዝተጠቕምሉ ኣእምሮኦም ግን ንምክልኻልን ንሃድንን ዝጠቕሞም ብዙሓት ኣገባባት፡ ምህዞን ርኽበታትን ነበሩዎ። ፍላጻታት ካብ ጽንጽሕለን ዕንጸይትን ምሂዞም፣ መጽለሊ ክኾኖም ብዓቲ ተጠቒሞም፣ ንምቑትን መብሰሊ መግቦምን ሓዊ ረኺቦም፡ ወዘተ.። ቃልሲ ወዲ-ሰብ ብእኡ ኣይሓለፈን። ሰብ ቃልሲ ወጺኡ ክነብር ስለ ዘይክእል በብግዜኡ ሓደስቲ ምህዞታት ክምህዝ ክኢሉ።

ካብታ መጀመርታ እምኒ ሰይሩ “ጽንጽሕለ” ዝረኸበላ እዋን ናብራኡ ብጥበብ ክቃልል'ዩ ዝጀመረ። ካብ ናብራ ወዲ-ኣራዊት ወጺኡ ብእኩብ ክነብር ጀሚሩ። ሕርሻ ኣማዕቢሉ፡ ጸጋታት መሬት ከለልዮን ክጥቀመሉን ክኢሉ። ነቲ ካብ ዕንጸይትን እምንን ዝሰርሖ ዝነበረ ፍላጻታት ብብረታት ቀይሩዎ። ኣብ መዓልታዊ ህይወቱ ዝነበረ ግድላት፡ ብምህዞኡ እናቃለሎ መጺኡ። እታ መጀመርታ ዝመሃዛ መንኮርኮር ሎሚ ካብ መሬት ሓሊፉ ኣብ ማርስ ተሸኮንድር ኣላ። ብልሒ (ላማ)፡ ሓዊ፡ መጽለሊ፡ ክዳን፡ ሕሪስካ ምብላዕ፡ ርስሓት ዝኣልየሉ ኣገባብ፡ ምጽራይ ማይ፡ ጸረ-ነፍሳት፡ ምኽዛን መግብን ካልእን እቶም ቀዳሞት ንህይወት ወዲ-ሰብ ዝለወጡ ተርጋእቲ ምህዞታትን ርኽበታትን እዮም። ካብ 17 ክፍለ-ዘመን ጀሚሩ ድማ ናህሩ ክውስኽ ተራእዩ። ስልጠነ ግዝኣታት ኣዝዩ እናዓበየ፡ ነናቱ ፍልስፍና፡ ፍልጠት፡ ጥበብን ካልእን ኣማዕቢሉ። ንኹሉ ኣብ ከባቢኡ ዝርከብ ነገራት ክግንዘበሉ፡ ክመራመረሉን ክፈልጦን ጀሚሩ። ኣብ 18ን 19ን ክፍለ-ዘመን ከኣ ንኹሉ ፍልጠት እዛ ዓለም መሰረት ዝኾነ ሓሳባት፡ ፍልስፍናታት፡ መርምራት፡ ምህዞታትን ርኽበታትን ተራእየ። ካብዚ ኩሉ ጉዕዞ ወዲ-ሰብ ክውሰድ ዝከኣል ግንዛበ እንተ'ሎ እምበኣር፡ ምህዞን ወዲ-ሰብን ዘይነጻጸል ምዃኑ'ዩ።

ዓለም መመላእታ የብላን ክብሃል ብዙሕ ግዜ ይስማዕ እዩ። ድልየታት ሰብ ጫፍ ሰማይ'ዩ ደረቱ። ኣእምሮኡ'ውን ከምኡ። ሰብ ሕጽረት ክሳዕ ዝሃለዎ፡ ካብ ምምሃዝ ዓዲ ኣይውዕል'ዩ። ኣብ ዝተፈላለየ ክፋል እዛ ዓለም ዝነብር ሕብረተሰብ፡ ነናቱ ደረጃ ናብራ ኣሎዎ፣ ምስኡ ኸኣ ክምልኦ ዝደሊ ዝጐድሎ ነገር ወትሩ ኣሎ። ምህዞ ነዚ ዝምልእ ጥበብ እዩ። ስልጣነን ምዕባለን ዓለም ብእልቢ ዘይብሉ ምህዞታት ዝመጽአ'ዩ።

ናይ መሃዝቲ ፍርያት፡ ንህይወትና ለዊጡዎ እዩ። እዚ ንህይወትና ለዊጡ ዘሎ ምህዞታት፡ እቶም መሃዝቲ'ውን ንህይወቶም ክልውጡ ኣኺኢልዎም ማለት'ዩ። መሃዝቲ ንህይወት ሰብ ክንዲ ምንታይ ጸልየሞ ኣለው ንምርድእ ኣየሸግርን። ኣብ ብዓቲ ዝሰፍሩ ዝነበሩ፡ ንሓዊ ምርካቦ ምቑት ክረኽቡን መግቦም ክብስሉን ክኣሉ። ኣብዚ ግዜ ከም እንስሳ ጥረ ስጋ ክንበልዕ ምኽኣልናዶ? ኣሽሓት ዓመታት ዝተማህዘት መንኮርኮር ኣብዚ ግዜ ኣብ ነፍሲ-ወከፍ ንጥፈታትና ኣትያ ትርከብ ኣላ፣ መጓዓዝያ፡ ዘዋሪ ነገር እንተ ዘይህሉ ከም ቀደም ብእግሪና ወይ ኣብ በቕሊ ተወጢሕና ንኸይድ ምሃለና፣ ጸማቝት ፍሩታ፡ ጠሓኒት፡ ሸንትሌተር፡ ‘ማውዝ’፡ ኣዝዩ ብዙሕ ናይ ኢንዱስትሪ ሕርሻ መሳርሒታት፡ ፋብሪካታትን ካልእን ካብታ ንእሽተይ ዝነበረት ምህዞ ዘዋሪት መንኮርኮር ዝማዕበለ እዩ። ሓንቲ ንእሽተይ ምህዞ ንሓደ ዓርሞሸሽ ስልጣነ ፈጢራ ትርከብ። ብሓፈሻኡ፡ ኣብ ነፍሲ-ወከፍ ጽላት፡ ኣብ ነፍሲ-ወከፍ ክፍሊ፡ ኣብ ምህዞኣዊ ስራሓት ከይተጸጋዕና ክንነብር ኣብ ዘይንኽእለሉ ደረጃ በጺሕና ኣለና።

ኩሎም መሃዝቲ ብገለ ወገኖም ጥበበኛታት ክኾኑ ግድን'ዩ። ሓደ ሓድሽ ነገር ክትምህዝ እንተ ኾንካ፡ ሓደ ንኻልእ ዘይተራእዮ ንዓኻ ተራእዩካ ኣሎ ማለት'ዩ። ኩሎም መሃዝቲ ኸኣ፡ ድሕረ-ባይታኦምን ዋጋ ፍርያቶምን ብዘየገድስ፡ ሓደ ነገር ንኽምህዙ ሓደ ዝተወሰነ ቃልሲ ኣሕሊፎም'ዮም። ብሓደ ለይቲ ሓደ ሓሳብ ብልጭ ስለ ዝበሎም፡ ንጽብሓይቱ ኣንጊሆም ክምህዙ ምርኣይ ኣብ ታሪኽ ምህዞ እዛ ዓለም ኣዝዩ ውሑድ ተርእዮ'ዩ።

ማዕረ-ማዕረ ምህዞ ዝኸይድ ናይ ሰንዓ ስርሓትን'ውን ኣብ ምቅላል ናብራ ሰብ ዝዓበየ ግደ ይሕዝ። ሕብረተሰባት ዓለም ነናቶም ደረጃ ምዕባለ ወይ ስልጣነ ኣሎዎም። ኣብ ከከባቢኡ ኸኣ ምስ ደረጃኡ ዝኸይድ ሕጽረታት ኣሎ። ምህዞ ልክዕ ከም ህላወ ወዲ-ሰብ ጐድኒ ንጐድኒ ዝኸይድ'ዩ። ቀዳሞት ሓደ ነገር ምስ መሃዙ ኣብኡ ደው ኣይበለን። ዝሰዓቡ ወለዶታት ነቲ ኣቐዲሙ ዝተማህዘ ብምጽናዕ፡ እናሰንዑን እናኣማሓየሹን ናብ ሓደ ደረጃ ኣብጺሖሞ። እቶም ድሕሪኦም ዝመጽኡ ኸኣ ናብ ገለ የብጽሑዎ። ከምኡ እናበለ ዝቕጽል መስርሕ'ዩ። ደረጃታት ናብራ ካብን ናብን ዝፈላለ ካብ ኩነ፡ ግድን እቲ ዓለም በጺሓቶ ዘላ ተክኖሎጂ ዘይበጽሖም ክፋል ዓለም ዝርከቡ፡ ነቲ ኣብ ከባቢኦም ዝርከብ ጸጋ ብምስናዕ ናብራኦም ከማሓይሹ ምርኣይ ልሙድ'ዩ። እዚ ብዘለካ ጸጋ ተጠቒምካ ዝግበር ሰንዓ ኸኣ ሓደ ካብ ኣገደስቲ መሓውር ለውጢ ናይ ሓደ ሕብረተሰብ ይገብሮ።

## ዝምሃዝ ተወዲኡ ድዩ

ዝምሃዝ ከም ዝተወድአ ገይሩ ዝርድኦ ሰብ ኣይሰኣንን ይኸውን'ዩ። ወዲ-ሰብ ዝሓጽሮ ነገር ክሳብ ዝሃለዎ ካብ ምምሃዝን ምስናዕን ዓዲ ኣይውዕልን። ዝኾነ ሰብ'ውን ክምህዝ ይኽእል'ዩ። ናይ ምህዞ ደረት ጫፍ ናይ ኣድማስ'ዩ። ሓደ ነገር ክትገብር ትኽእል ምዃንካ ዝነግር ጻውዒት ካብ ውሽጥኻ እንተ ነቒሉ፡ ብዘይ ፍርሒ ምስዓቡ ቀዳማይ ስጉምቲ ምህዞ'ዩ። ብዙሓት ነቲ ዘንቀሉዎ ሓሳባት ብምንእኣስ፡ ሰብ ከይክዕቦም ብምሕሳብ፡ ዝኣምኖም ከይስእኑ ብምስጋእ፡ ... ወዘተ ንሓሳብኦ እንዳ ጓሓፍ ይድርብዩዎ። ሎሚ ሳላ መርበብ ሓበሬታ ኢንተርነት ኣብ ዝኾነ ዓውዲ ዝምእምኣካ ሓገዝ ክትረክብ ኣይትሸገርን ኢኻ። እምበኣር “theboldlife.com” ነዞም ሓሳባት እናሃለዎም ቀዳመይቲ ናይ ተግባር ስጉምቲ እተፍርሖም ወይ እተሸግሮም እዚ ዝስዕብ እንጽዖታት ኣቐሚጡ ኣሎ፤

- ሓደ ፕሮጀክት ምረጽ፤ እታ ህይወትካ ክትቅይር እትኽእል ሓንቲ ነገር ኣየነይቲ እያ፣ እዚኣ ከምቲ ሓዊ እትውልዓላ ርእሲ ክርቢት ወሲድካ ቍልዒ ሕልሚኻ ወልዓላ።

- ሸቶኻ ፈሊኻ ውጥን ኣውጽእ፤ ቅድሚ ምዝላልካ ትዓልበሉ ክትርኢ የድሊ። ራኢ ይሃሉኻ፣ ውጥን ኣውጽእ፣ ከመይ ኢልካ ኣብቲ መወዳእታ ትበጽሕን ብኸመይ ከም ትገብሮን ክነጽረልካ'ዩ።

- ናይ ተግባር ደረጃታት ፍጠር፤ ብመሰረት ውጥንካ፡ ነቲ ስራሕ ብበደረጃኡ ብምስራዕ ናይ ተግባር መስርዕ ጽሒፍካ ኣዳሉ።

- ፍርሒኻ ናብ ጽቡቕ ለውጦ፤ ነዚ ተበጊስካሉ ዘለኻ ፕሮጀክት ንኸይትገብሮ ዘፍርሓካ ዘበለ ጽሓፎ። ንነፍሲ-ወከፍ ፍርሒኻ ንምልዋጥ ብሰብኣዊ ሓይሊኻ ንቕሓሉ። ንፍርሒኻ ናብ ናይ ተግባር ድርኺትካ ቀይሮ።

- ዘበራትዕካ ጭርሖ ፍጠር፤ እቲ ናብ ተግባር ክትሰጋገር ዘተባብዕ ጭርሖኻ፡ ኣብ ሞባይልካ፡ መደቀሲኻ፡ ቦታ ስራሕካ፡ ክፍሊ ዕዮኻ፡ ጽሓፎ።

- ምስ ካልኦት ኣዕልል፤ ምስ ኣዕሩኽትኻ ብዛዕባ ፕሮጀክትኻ ኣዕልል። ኣብ ከባቢኻ ትረኽቦም ሰባት ኣነቓቓሕትን ተወሰኽቲ ጸዓትካን ግበሮም።

- ሸቶኻ ሓደ ይኹን፤ ብዙሕ ዓይኒ ምህላው ኣይ-ኣብቲ ኣይ-ኣብቲ ሓዲግ ክትርፈካ ይኽእል'ዩ። ኣብ ሓደ እዋን ሓንቲ ፕሮጀክት ጥራይ ሓዝ። ብዛዕባኣ ጽሓፍ፡ ኣንብብ፡ ኣጽንዕን ዳህስስን። ምሉእ ኣቶኲሮኻ ኣብኣ ይኹን።

- ዘየገድሱ ጉዳያት ክተቶም፤ ግዜኻ ንፕሮጀክትኻ ኣብ ዘይሕግዙ ጉዳያት ኣይተጥፍኦ።

- ኣብ እወታዊ ሸነኹ ጥራይ ኣድህብ፤ እወታዊ ኣተሓሳስባ ንፕሮጀክትኻ ኣይኩነን ንጥዕናኻ'ውን ኣዝዩ ጽቡቕ'ዩ። ነቲ ኣብ ፕሮጀክትኻ መወዳእታ ዘሎ ሓጐስ ኣብ ኣእምሮኻ ሰኣሎ። ናይ ዓወት መንፈስ ኣብ ውሽጥኻ ደጋጊምካ ቀስቅሶ።

- ዘነቓሕቑ ንጥፈታት ኣዘውትር፤ ኣብ ስራሕ ኣዚኻ ኣብ ትደኽመሉ፡ ብተደጋጋሚ ምስ ድኻምካ ምስራሕ ውጽኢታዊ ኣይኮነን።

- ኣሰር ዓወትካ መዝግብ፤ ንኹሉ ትገብሮ ንጥፈታት መዝግቦ። ነፍሲ-ወከፍ ትገብሮ ምንቅስቓስ ክትምዝግቦ እንተ ኽኢልካ ኣየናይ የስርሕ፡ ኣየናይከ ዘይሰርሕ ክትፈልጦ ትኽእል ኢኻ።

- ንውድቀት ብድፍረት ተጸበዮ፤ ኩሉ ዝጀመርካዮ ብዓወት ይዛዘም ማለት ኣይኮነን። ውድቀት ንኽትምሃርን ክትዓብን ዝተኸፍተ ዕድል ምዃኑ ኣስተውዕል። ሓንሳእ ምስ ወደቕካ፡ ከም ብሓድሽ ሓይሊኻ ንኽትጅምር ናጻ ኢኻ።

- ንነብስኻ ምስል፤ ንህቡብነት ኣይትህደና፣ ካልእ ክትመስል ኣይትድለ። እቲ ካብ ካልእ ዝፈልየካ ረቛሒ ባዕሉ ከንጸባርቕ ሕደጎ። ንነብስኻ ቅኑዕ ኩን።

- እመን፤ ክትገብር ምዃንካ ብምእማን ንቕድሚት ቀጽል። ጸዓትካ ዘበለጸ ንኽትጽበ ምርሓዮ።

- ጉዕዞኻ ኣስተማቕሮ፤ ዓወት ኣብ ጉዕዞ እምበር ኣብ መፈጸምታ ምዕራፍ ኣይኮነን። መዓልታዊ ጽቡቕ ክትገብርን ጽቡቕ ክስመዓካን ምረጽ። ንትማልን ሎምን ብምስትምቓር ኣድንቀን። ካልኦት ሰባት ዝደለዩዎ ክረኽቡ ኸኣ ሓግዝ።

ብሓቂ'ኸ ዝምሃዝ ይውዳእ ድዩ? ነዚ ሕቶ ዝኸውን ግብራዊ መልሲ፡ ነቲ ኣብ ኣዳራሽ ጁንየር ክለብ ትማሊ ዝተኸፍተ፡ ብሃማመተኤ ዝተዳለወ ውድድር ምህዞን ሰንዓን፡ ኬድካ ብምዕዛብ ክፍረድ ይከኣል። ፍቱዋት ተመሃሮን ኣንበብቲ እዚ ዓምድን፡ እዚ ካብ መላእ ሃገር፡ ከካብ ዞባኡ ተወዳዲሩ ዝመጽአ ምሩጽ ስርሓት ብኣካል ኬድኩም ክትዕዘቡን ከተተባብዑን ንዕድም።

ፍረ ጻዕሪ

ሕርሻን መግብን

ፈልማዊት መዓሾ

# ምድላው ፈልሲ ኣትክልቲ



መብዛሕትኦም ንኣሽቱ ዘርኢ ዘሎዎም ኣሕምልቲ ኣብ መደበር ፈልሲ ይዝርኡ'ሞ ድሕሪኡ እቲ ፈልሲ ይግዕዝ። ኣብ መደበር ፈልሲ ብሉጽ ክንክን ናይቶም ንኣሽቱ ኣትክልቲ ይግበር። ከይነቕጽ መከለኸሊ ጽላል ካብ ከምኡ'ውን ብቐጻልነት ማይ ምስታይን ግቡእ ክንክን ምጽሃይን የድልዮ። ልዑል መጠን ናይቲ ዘርኢ ብሚእታዊት ይበቍልን ጽቡቕ ፈልሲ ይህብን። ተኽሊ ኣብ መደበር ፈልሲ ምዝራእ፡ ቦታ፡ ማይን ዘርእን ይዕቅበልካ። እዚ ተወሳኺ ዕዮ ናይ ምትካል ፈልሲ የጉድል። ናይ ፈልሲ እዋን ካብ 3 ክሳዕ 6 ሰሙናት ይኸውን። እዚ ኣብ ዓይነት ዘርእን ወቕትን ይውሰን።

### መደብ ፈልሲ

ንመደብ ፈልሲ እንጥቀመሉ ሓመድ፡ ማይ ዘዝሩቕን እኹል ኣየር ዘረክብን ክኸውን ኣለዎ። እቲ ሓመድ ድንኩል ዘይብሉ ክሳብ ዝከውን ብግቡእ ክፋኹስ ይግባእ። ድኹዒ ብምውሳኽ'ውን እቲ ሓመድ ኣብ ግቡእ ኩነታት ንኽርኩብን ሰራውር ድማ ክሳብ'ቲ ፈልሲ ዝግዕዝ ኣድላዩ መኣዛታት ንኽህቦምን ይሕግዝ። ኣብቲ መደብ ፈልሲ፡ ዘንጊ ብምትካል፡ እቲ ተኽሊ እንታይ ምዃኑን መዓስ ከም ዝተዘርአን ዝሕብር ምልክት ክግበረሉ ኣለዎ። መደብ ፈልሲ ብመሸፈኒ ኣቍጽልቲ ጌርካ ምኽዳን ይግባእ። እዚ መደብ ፈልሲ፡ ወትሩ ጠሉ ዝዓቀበ ክኸውን፡ ቀጸላ ላህመት ሓመድ ኣብ ላዕሊ ንኸይፍጠር ክከላኸልን ብተወሳኺ ድማ ዘርኢ ብብርቱዕ ዝናብ ወይ ድማ ብዘይ ግቡእ ኣሳትያ ማይ ንኸይውሰድ ንኽከላኸለሉ ይሕግዝ። ድሕሪ'ቲ ፈልሲ ምቝልቃሉ ግና እቲ መሸፈኒ ክእለ ኣለዎ። ምልዓል መሸፈኒ ምስ ዝድንጉ፡ ፈልሲ ይቐጥን ንሕማም ምቕምራር ድማ ይቃላዕ።



### ምፍላይ ተኽሊ

ውልዶ ተኽሊ (እተን ክልተ ኣቍጽልቲ ድሕሪ ምዝርግሐን) ኣብ ውሽጢ መደበር ፈልሲ ዘይድሩት ዕብየት ንምርኣይ ክሳዕ ኣብ እኹል ቦታ ናብ ግራት ዝሰግር ዝግበር መስርሕ ምትካል ወይ ምፍላይ እዩ። ፈልሲ ብሓይሊ ዓብላሊ ጫፍ ናይ ሱር ቀልጢፉ ይዓቢ። እዚ ድማ ነቶም ብጎድኒ ዝዓብዩ ሰራውር ብምዕፋን ይኸውን። ኣብ እዋን ምፍላይ ነቲ ልስሉስ ጫፍ ናይቲ ሱር የጥፍኦ'ሞ ኣብ ክንዲ ምዕባለ ኣቍጽልትን ጉንድን ናይ ጎድኒ ሰራውር ብዝሓሸ ንኽዓብዩ ይሕግዝ። ከም ውጽኢቱ፡ ዝተፈልዩ ፈልሲ ብጽቡቕ ዝጨንፈረ ሰራውር ይህልዎም። እቲ ተኽሊ ድማ ኣብ እዋን ምትካል ፈልሲ ብቑመቱ ሓጺርን ድልዱልን ይኸውን። ኣብ ጽንኩር ክሊማ ዘለዎ ቦታ፡ ብፍላይ ከኣ ኣብ እዋን ሓጋይ ንምዝራኦም ዓቢ ረብሓ ኣለዎ። መብዛሕትኡ እዋን፡ ልምዳዊ ኣገባብ ምትካል ፈልሲ ፡ ክልተ ፈልሲ ኣብ ሓደ ጉድጓድ እዩ። እዚ ድማ ሓንቲ ካብኣን እንተጸደቐት ብዝብል ተስፋ እዩ ዝግበር። ኣብ ምፍላይ ተኽሊ ዝግበር ጥንቃቐን ዕቱብ ስራሕን ኣዝዩ ጠቓሚ እዩ። ምኽንያቱ ዝበለጸ ዘርኢ ተኽሊ ስለ ዝህብ። ፈልሲ ናብ ግራት ቅድሚ ምግዓዙ፡ ቅድሚ ሓደ ወይ ክልተ ሰሙናት ከም ዝተርር ይግበር። እዚ ንተኽሊ ድሕሪ ምትካል ንዘጋጥሞም ኩነታት ንምልማማድ ይሕግዝ። ጽላል ቀስ እናበልካ ይእለ፡ ማይ ምስታይ ድማ እናነከየ ይኸይድ።

### መፍለሲ ሳንዱቕ

ኣብ ነፍሲ ወከፍ ዕዮ መደብ ፈልሲ ኣብ ምፍላይ ንዘርእ ምጉንባሕ ንምጉዳል፡ ፈልሲ ኣብ መፍለሲ ሳንዱቕ ወይ ከኣ ሽሓኒ ብምችኡነት ክትዓየሉ እትኽእል ሳንዱቕ ብምቕማጥ ክፈልስ ይኽእል። ንመፍለሲ ሳንዱቕ ዘንቢል ወይ ድማ ካብ 10 - 15 ሰንቲ ሜተር ዕምቈት ዘለዎ መትሓዚ ምጥቃም ይከኣል። እቲ ታሕተዋይ ክፋል ሳንዱቕ ማይ ዘዝሩቕ ምእንቲ ክኸውን ነኳላት ክህልዎ የድሊ። መፍለሲ ሳንዱቕ፡ ብፍላይ ንምፍላይ ፈልሲ ኣዝዩም ምቹኣት እዮም። ፈልሲ ድሕሪ ምጽዳቑ፡ ድሕሪ ሓደ ሰሙን ኣቢሉ ስለ ዝፍለ ሃብታም ሓመድ ግድን ኣየድልዮን እዩ። ስለዚ ሳንዱቕ ብጽሩይ ሑጻ ጥራይ ክመልእ ይከኣል። ብተወሳኺ፡ ቀልጢፍካ ፈልሲ ካብ ሳንዱቕ ብምፍላይ'ውን ኣብ ሓደ ሳንዱቕ ብዙሕ ፈልሲ ንምፍላስ ይከኣል እዩ። ሳንዱቕ ፈልሲ፡ ነቲ ፈልሲ ብቐጥታ ፈሊኻ ናብ መደብ ፈልሲ ከተግዕዞ ድማ ተወሳኺ ብልጫ ኣለዎ።

### ምግዓዝ ፈልሲ

ኣብ መደበር ፈልሲ ዝፈለሰ ፈልሲ ምስ ኣኸለ ፡ ኣብ ቦታ ሕርሻ ይትከል። መብዛሕትኡ እዋን ድሕሪ ምዝራእ ካብ 2 ክሳዕ 4 ሰሙን፡ ፈልሲ ካብ 4 ክሳብ 6 ኣቍጽልቲ ይህልዉዎ። ክትከል እንከሎ ሙቐት ናይ ቀትሪ ምእንቲ ከይሃስዮ ጸሓይ ጠለስ ምስ በለ ክግዕዝ ይግባእ። ደበና ኣብ ዝዓብለሎ እዋን እንተኾነ ድማ ተመራጺ ይኸውን።

### ምልዓል ፈልሲ

ፈልሲ ከነልዕል ክንጅምር ከሎና፡ መጀመርታ ሓመድ ማይ ብምፍሳስ ነፍኮሶ። እዚ ቅድሚ ፈልሲ ምልዓልና ምስ ዝግበር፡ እቲ ዝተረፈ ፈልሲ እኹል ማይ ክስሕብ የኽእል። ፈልሲ ምስቲ ዝዓበየሉ ወይ ዝፈለሰሉ ሓመድ ብ "ፋርኬታ" ጌርና ነልዕሎ። ነቲ ፈልሲ ኣፍኩስና ብምልዓል ፡ ኣብ ሳንዱቕ ወይ ከኣ ኣብ ዘንቢል ንገብሮ። ጥዕና ዘይብሎም ወይ ከኣ ድኹም ምዕባለ ሰራውር ዘርእዩ ፈልስታት ይእለዩ። ዝተላዕለ ፈልሲ ብርሑስ ጨርቂ ወይ ከኣ ፈኩስ ወረቐት ጌርና ንጥቕልሎ።

### ምትካል

ሰራውር ከይተዓጽፈ ምትካል ምእንቲ ክከኣል፡ ኣብቲ ንምትካል ዘዳለናዮ ቦታ ዓሚቕ ጉድጓድ ይኩዓት። ብሓፈሻ፡ ፈልሲ ኣብ ተመሳሳሊ ዕምቈት ከም ናይ መደበር ፈልሲ ክትከል ኣለዎ። ታሕተዋይ ኣቍጽልቲ ፈልሲ ድማ ብሓመድ ክሸፈን የብሉን። ክንተክል ከለና፡ ፈልሲ ናብ ሓደ ወገን እቲ ጉድጓድ ኣጸጊዕና ብምሓዝ፡ ብኣእጋርና እናጸቐጥና ወይ ድማ በቲ ናጻ ኢድና ካብቲ ሓደ ወገን ናይቲ ጉድጓድ ሓመድ ንመልእ። ሰራውር ምስ ጠሊ ሓመድ ምእንቲ ክጣበቕ፡ ነቲ ሓመድ ኣትሪርና ንጸቕጦ። እዚ ጥቓ ሰራውር ማይ ንመትሓዚ ዝኸውን ዓሚቕ ቦታ ንምሕዳግ እዩ ዝትግበር።

### ምጽንጻል

ፈልሲ ላዕለዋይ ክፋሉ ከቢድ፡ ኣዝዩ ዝማዕበለ ኣቍጽልትን ድኹም ጨናፍር ዘሎዎም ሰራውርን ምስ ዝህልዎ፡ ክልተ ኣቍጽልቲ ምቕንጣብ ይግባእ። እዚ ኣብታ ፈልሲ ክስዕብ ንዝኽእል ሓደጋ ምቕምራር የጉድል።

### ጽላልን ምስታይ ማይን

ፈልሲ ድሕሪ ምትካሎም ብኡ ንብኡ ማይ ክሰትዩ ይግባእ። ሕጽረት ማይ ምስ ዝህሉ፡ ማይ ከምቲ ኣቓዲሙ ዝተጠቕሰ ኣብቲ ዕሙቕ ዝበለ ቦታ ማይ ንገብረሉ። ኩነታት ኣየር ኣዝዩ ጽንኩር ምስ ዝኸውን ኣትክልቲ ጽላል ጌርካ ምሽፋኖም ኣድላዪ እዩ። ነተን ቀዳሞት ሒደት መዓልታት ብጨንገፍ ቈጽሊ ስየ ወይ ድማ ተመሳሳሊ ነገራት ጌርካ ይሸፈን።

ምንጪ፦ ኣግሮዶክ-8
ትርጉም፡- መኰንን ተኸስተ

---

መኣዛ ፍረ ጻዕሪ ምስ ኣስመረት ዳምር

## ሃብታም ሰላጣ




**ዝተጠቐምናሎም ጥረ ኸራትን ዓቐንን**

- 1 ኪሎ ሰላጣ
- 1 ማእከላይ ግዝፈ ዘሎዎ ሽጉርቲ
- 3 ኮመደረ
- 2 ማእከላይ ግዝፈ ዘሎዎ ካሮት
- 2 ማእከላይ ግዝፈ ዘሎዎ ድንሽ
- 3 እንቋቝሖ
- 100 ግራም ተቐልዩ ዝተጣሕነ ፉል
- 250 ግራም ዝኾነ ዓይነት ጥረታት ከም ፋጆሊ፡ ዓይኒ ዓተር፡ ኣዳጉራ (ዘሎና ክንጥቀም ንኽእል)
- 3 ማንካ ዘይቲ ስምስም ወይ ኣውሊዕ (ዘሎና ክንጥቀም ንኽእል)
- 3 ማንካ ጽማቕ ለሚን

**ኣገባብ ኣሰራርሓ መግቢ**

መጀመርታ፡ ድንሽን እንቋቝሖን ብሓንሳብ ነብስሎ። ሰላጣ ድማ ብጽሩይ ማይ ጌርና ደጋጊምና ንሓጽቦ። ብድሕር'ዚ ፡ንመትሮ'ሞ ዘዳለናዮ ኣስፔዛ ኮመደረ፡ ሽጉርቲ ካሮትን መቲርና ብሓንሳብ ኣብ ዕሙቕ ዝበለ መትሓዚ ንሓዋውሶ። ቀጺልና፡ ፋጆሊ ምስኡ ጌርና ንሓዋውሶ። ብድሕር'ዚ፡ ዝበሰለ ድንሽን እንቋቝሖን መቲርና፡ ኣብ ልዕሊኡ ንገብሮ። ኣብ መወዳእታ ዝተጣሕነ ፉል፡ ዘይትን ጽማቕ ለሚንን ብላዕሊ ብምውሳኽ ኣወሃሂድና ንመግቢ ድሉው ንገብሮ።



ውሑስን መኣዛውን መግቢ ንኹሉ፣ ኣብ ኩሉ!

ምስ ሚኒስትሪ ሕርሻ ብምትሕብባር ዝዳሎ ዓምዲ - ንሕቶን ርእይቶን በዚ ዝስዕብ ኣድራሻ ተወከሱ ጨ/ህዝባዊ ርክባት፦ ቁ.ስልኪ 182225/ 07182662 - ቁ.ሳ.ፖ 1048

# ሽባብ

ሃማመተኤ

## ሕቶ ሽባብ

ሃ.ማ.መ.ተ.ኤ. ምኽሪ ብተሌፎን ካብ ዝጅምር፡ ብዙሓት መንእሰያት ተጠቃምቲ ናይ'ዚ ኣገልግሎት ኮይኖም ኣለዉ። ንኡስ ዓምዲ "ሕቶ ሽባብ" እምበኣር ንገለ ካብ'ቲ ብቑጽሪ ስልኪ 124256 ወይ ብቑ.ሳ.ጶስጣ 1042 ናብ "ሆት ላይን" ዝቐርብ ሕቶታት እያ እትምልስ።

# ብኸመይ ኣገባብ ክጽንብሎ?

ኣማኻሪ፤ ሄለው። ናብ ሃማመተኤ ኣገልግሎት ምኽሪ ብተለፎን ደዊልኩም ኣለኹም።

ደዋሊ፤ እወ። ከመይ ውዒልኩም?

ኣማኻሪ፤ ጽቡቕ። መን ክብል?

ደዋሊ፤ ፊልሞን እብሃል። ካብ ኣስመራ'የ።

ኣማኻሪ፤ መርሓባ ፊሊሞን። ዕድመኻን ደረጃ ትምህርቲኻን ዶ ምነገርካኒ?

ደዋሊ፤ 26 ዓመት ገይረ ኣለኹ። ኣብ ናይ ቴክኒካል ቤት ትምህርቲ ተማሂረ፡ ብሞያይ እሰርሕ ኣለኹ።

ኣማኻሪ፤ ሕራይ ፊልሞን፡ ናብ መደወሊኻ ጉዳይ ዶ ክንኣቱ?

ደዋሊ፤ ምስ ኣዕሩኸይ ብዛዕባ ምቕባል ሓድሽ ዓመትን ኣበዓዕሉኡን ኣይተሰማማዕኩን። ካብኦም ተፈልየ ክውዕል ከኣ ደስ ኣይበለንን፡ ንኽውሰን'ውን ተሸጊረ። እንታይ ትመኽረኒ?

ኣማኻሪ፤ ብዝሒ ኹም ክንደይ ይኸውን?

ደዋሊ፤ ምሳይ ኣርባዕተ ኢና።

ኣማኻሪ፤ ሓድሽ ዓመት ናይ ምብዓል ልምዲ ሎሚ ዓመት ድዩ መጀመርታኹም ወይሲ ዝጸንሐ'ዩ?

ደዋሊ፤ ሎሚ ዓመት ንመበል ሳልሳይ ግዜ፡ ብተመሳሳሊ ኣገባብ ከነብዕሎ ዝሓሰቡ ዘለው። ሎሚ ዓመት ግና ልቢ ግዲ ኣዕብየ ኮይነ፡ ከም ዝሓለፈ ከነብዕሎ ብውሽጠይ ደስ ኣይበለንን።

ኣማኻሪ፤ ብኸመይ ኣገባብ ዲኹም ተብዕሉዎ?

ደዋሊ፤ ንሕና ድሮ ሓድሽ ዓመት ዘላ ምሸት ተራኺብና ኣብ ጉደናታት ኣስመራ ዘወን ኢልና፡ ኣብ ባራት ሓደ ክልተ ቢራ ክሳብ ፍርቂ ለይቲ ንሰቲ። ድሕሪ ፍርቂ ለይቲ ናብ ናይት ክለባት ኬድና ድማ ብመስተን ብሳዕስዒትን ነውግሓ። ሓድሽ ዓመት ድማ ምሉእ መዓልቲ ደቂስና ንውዕል። ኣነ ግና ሓድሽ ሜላ ንሕሰብ እንታይ ረቢሕና ገንዘብና፡ ግዜናን ጉልበትናን ንኾንቱ ዝባኽን ዘሎ፡ ስለዚ ሎሚ ዓመት ብኸምዚ ኣገባብ ከነሕልፎ ኣይተቐበልኩዎን ዘለኹ።

ኣማኻሪ፤ እሞ፡ ሓሳባትካ ብግቡእ ገሊጽካሎም ዲኻ? ናታቶም ሓሳባት ከ እንታይ ይኸውን?

ደዋሊ፤ ኣይተቐበሉንን። ሓድሽ ዓመት ክትክየፍ ኣለካ በሃልቲ'ዮም።

ኣማኻሪ፤ እቲ ሓሲብካዮ ዘለኻ ኣገባብ ከመይ ድዩ?

ደዋሊ፤ በቲ ቅድሚ ሕጂ እንገብሮ ዝነበርና ተግባራት፡ ገንዘበይ ብኸንቱ ምጥፍኡ፡ ብድኻም ተሰኒፈ ፍርቂ መዓልቲ ክትንስእ እንክለኹ ኣዝየ'የ ዝጥዓስ። ስለዚ ሎሚ ዓመት ኣብ ክንዲ ብመስተን ሳዕስዒትን፡ ብእዋንና ሻሂ ሰቲና፡ ምስ ሰድራና ነማሲ ዝብል ሓሳብ'የ ኣቕሪበሎም።



ኣማኻሪ፤ ፊልሞን፡ ኣብ መንጎ ይጠቕመኒ'ዩ እትብሎ ሓሳብን ካብ ኣዕሩኽትኻ ክትፍለ ዘይምድላይን ተቐርቂርካ ኣለኻ፡ ሓቀይ? እዛ ዕለት ብሓባር ብዘይ ምሕላፍኩም እንታይ ሳዕቤን ከስዕበልካ ዝኽእል ይመስለካ?

ደዋሊ፤ ኣነ ድኣ ምሳና ዘይተሓወሰካ ኢሎም ዝንጽሉኒ ኮይኑ ይስመዓኒ።

ኣማኻሪ፤ እዚ ትብሎ ዘለኻ፡ እትሓስቦ ዘለኻ ድዩ፡ ወይ ዝተዓዘብካዮ ኣሎ'ዩ?

ደዋሊ፤ ሓሳብ ጥራይ ኣይኮነን። ሓሳባተይ ምስ ኣቕረብክሎም ኣባጭዮምለይ'ዮም። ኣነ ከኣ ሓቂ ይሓይሽ ክኸስሮም ኣይደለኹን።

ኣማኻሪ፤ ኵሉ ግዜ ናይ ሓባር ሓደ ዓይነት ሓሳባት ክህልወና ግዴታ ኣይኮነንን። ኵሉ ዝመስለናን ንሓስቦን ድማ ቅኑዕ'ዩ፡ ወይ ክኸውን ይኽእል'ዩ ዝብል ግምት'ውን ልክዕ ኣይኮነንን። ስለዚ ሓሳባትካ "ዝሓለፍናዮ ዕርክነት ስለ ዝዓቢ፡ ብሓደ ኣጋጣሚ ክንጻላእ ዝከኣል ኣይኮነን፡" ብምባል ቃንዮ። እወታዊ ሓሳብ ንኽህልወካ ሓጋዚ'ዩ። ንሓደ መዓልቲ በብዝጥዕመኩም እንተ ከድኩም፡ ዕርክነትኩም ክቕጽል ኣይክእልን ድዩ?

ደዋሊ፤ ካብ ንላለ ሎሚ ዓመት ራብዓይ ዓመትና'ዩ። ኣብ ሓደ ስራሕ ኢና ኸኣ እንሰርሕ፡ ንሰለስተ ዓመት ዝኸውን ኣብ ሓድሽ ዓመት ኣይተፈለናን። ብኸምኡ እዮም ምቕባል ኣብዮምኒ ዘለው።

ኣማኻሪ፤ ዝኸበርካ ፊሊሞን። ምርጫኻ ዋንነቱ ንኣኻ'ዩ ዝምልከት፣ ዝሓለፈ ዓመት ዘተኸተልኩሞ ኣገባብ ኣከባብራ ሓድሽ ዓመት፡ ኣነጻጺርካሉ ዘለኻ ምኽንያት ምኽኑይ'ዩ። ይኹን'ምበር ዕርክነት ብሓሳብ ምክብባር፡ ኣብ ፍልልይ ምጽውዋር እንተ ኣለዎ'ዩ ዝሓሸ። ለውጢ ድማ ዝኾነ ሰብ ሓንጎፉይ ኢሉ ክቕበል ስለ ዘጸግሞ፡ ምስልኻ ብመንጽር ካልእ ሰብ ክትርእያ ምፍታን ሓጋዚ ስለ ዘይኮነ፡ ንመን ክትመስል'ዩ ዝሕሸካ እቲ ምርጫ ንኣኻ'ዩ ዝግደፍ። ምናልባሽ ግና ብዘይካ እዛ ሕጂ እትብላ ዘለኻ ካልእ ዘፈላሊ ሓሳባት ኣለኩም ድዩ?

ደዋሊ፤ እወ ኣለና። ኣነ መዘናግዒ ህድእ ዝበለ ቦታ'የ ዝፈቱ። ንሳቶም ግና ከማይ ኣይኮኑን።

ኣማኻሪ፤ ፍልልያትኩም ኣብዛ ዕለት ሓድሽ ዓመት ጥራይ ኣይኮነን ማለት'ዩ። ድሌት፡ ሓሳባትን ስምዒታትን ሰባት ክፈላለ ባህርያዊ'ዩ። ይኹን'ምበር ናይ ሓደ ድሌት፡ ሓሳብን ስምዒትን ናይ ካልእ ክኸውን ኣይክእልን'ዩ። ስለዚ ብናይ ካልኦት ድሌትን ሓሳባትን ንውሽጥኻ ከይሰማዕካ ምንባር ሰላም ኣእምሮ ዝሕሉ ኣይኮነንን። ስለዚ ንውሽጥኻ ክትሰምዕ እትኽእል ድማ ብዘይካኻ ካልእ ክህሉ ዝከኣል ስለ ዘይኮነ፡ ሕቶ ውሽጥኻ ናይ ምምላስ ሓላፍነት ናትካ'ዩ። ይትረፍ ዓርኪ-መሓዛ፡ ደቂ ሓንቲ ኣደ'ውን ብሓሳብ ክፈላለዩ ስለ ዝኽእሉ፡ ነዚ ዘስተውዓሉ ወለድና 'ክስዐ ኣደ ጉራ ጉራ' ብምባል መሲሎም'ዮም። ብሓሳባት ምፍልላይ ድማ ነውሪ ኣይኮነንን። ፍልልያት ብቑምታ ምርኣይ ግና ጥዕና ዘህብ ኣይኮነንን። ስለዚ፡ ንነብስኻ ክትመስል ምድላይካ ጽቡቕ'ዩ። እቲ ባህ ዝበለካ ክትገብርን ንውሽጥኻ ክትሰምዕን ንዕቤትካን ርእሰ-ተኣማንነትካን ኣገዳሲ'ዩ። ስለዚ ንኣዕሩኽትኻ ክትመስ ኢልካ፡ ውሽጥኻ ኣብ ዘይትደልዮ ምዝንጋዕ ዶ ይሕሸካ፡ ዋላስ ትዓግበሉ መንገዲ ምምራጽ?

ደዋሊ፤ ኣነ ድኣ በቲ ኣነ ዝደልዮ ኣገባብ ንሓድሽ ዓመት ከሕልፍ ምደለኹ።

ኣማኻሪ፤ እሞ ፊልሞን፡ ነቲ ዝደለኻዮ ካብ ምግባር ዝኽልክለካ የለን። መጀመርታ ካብ ትፈትዎም ኣዕሩኽትኻ ምፍላይካ ቀጨውጨው ክብለካ ይኽእል'ዩ። እዚ ድማ ኣብ መስርሕ ለውጢ ዝርአ ንቡር ስምዒት'ዩ። ይሕሸኒ'ዩ ኢልካ ሓሲብካ ዝወሰንካዮ ስጉምቲ ድማ እናሓደረ ዘሕጉስ ደኣ'ምበር ዘጉህይ ኣይኮነንን። ብኻልእ ወገን ንኣኻ ዝመስሉ ካልኦት ሰባት ክትተዓራረኽን ብዝጥዕመካ ዝመሰለካ ጉዳያትካ ክትገብር ድማ ነጻ ምርጫ ምግንዛብ የድሊ።

ሓድሽ ዓመት ሕሉፍካ ትግምግመሉን መጻኢኻ ትምድበሉን ግዜ እውን ስለ ዝኾነ፡ ንነብስኻ መሲልካ በቲ ንስኻ ትደልዮ መንገዲ ምስ ክብርታትካን ክብርታት ሕብረተሰብ ብዘይገራጮ ኣገባብ መደባትካ ክትሕንጽጽ እምነየልካ። ንድሌት ውሽጥኻ ሰሚዕካ ንነብስኻ እምበር ንኣዕሩኽትካ ክትመስል ዘይምድላይካ'ውን ከመስግነካ እፈቱ።

ደዋሊ፤ የቐንየለይ። ኣዝየ ኣመስግነካ፣ ቀ‌ሩብ ሩፍታ ተሰሚዑኒ ኣሎ። ንነብሰይ ክመስል ከኣ ክጽዕር'የ።

ኣምኻሪ፤ ገንዘብካ። የቐንየለይ።

## ሓሳባት ዕላል

ሰናይት ብርሃነ (ሰልዋ)

ክልተ መሓዙት እየን። ንሳተን ኣብ ዘዝተራኸባሉ ግዜ ድሕሪ ሰላምታ ምልውዋጥ፡ "ሓድሽ ዜና እንታይ ኣለኪ?" ኣይኮናን ዝበሃሃላ። ንሳተን "መሓዛይ እንታይ ኣፍሪኺ? ዕቤትኪ ኣካፍልና?" እየን ዝበሃሃላ። ከም ውጺኢቱ ድማ ሃናጺ ተመኵሮአን ይለዋወጣ።

ብኣንጻሩ ገለና ሞባይልና ኣዋዲድና ነቲ ዝረኸብናዮ ሰብ እንታይ ሓድሽ ነገር ኣሎ? ብምባል ነቲ ዝረኸብናዮ ናብ ሞባይልና ነሳግር። ነተን ዝረኸብናየን ሓበሬታ ርእይ ቀኒና ድማ ንዕኡ ደምሲስና እንደገና ከምኡ ካልእ ዘሎ ዘበለ ኩሉ ሓበሬታ ገፋፊጥና ኣብ ሞባይልና ንወስድ። ከምዚ እናበልና ግዜና ብብላሽ ነሕልፎ ሰባት ውሑዳት ኣይኮንናን። ኣብ ከባቢኻ ዘሎ ሓበሬታ ምፍላጥ ጽቡቕ እዩ። ግን... ንዋኒንካን ንውልቃዊ ዕቤትካን ዝሃሲ ክኸውን የብሉን። ምኽንያቱ ኣብ ናይ ቲክ ቶክ ዓንኬል ዕንክሊል ንብል እንተ ኴንና፡ ከይተረደኣና ንነብስና፡ መንነትናን ውሽጣዊ ባህግናን ክንስእኖም ኢና።

ኣብ መራኸቢ ብዙሃን ጽቡቕን ዘይጽቡቕን ሓበሬታታት ኣሎ። ኣብ መራኸቢ ብዙሃን ዝፍነው ጽዩፋት ነገራት፡ ኣንጻር ባህልናን ክብርታትናን ዘቕርቡ ዜጋታትና ኣለው። እዞም ሰባት ከም ሰባት ዘደንግጹ እዮም። ምኽንያቱ እዞም ሰባት ወይ ኣብ ዘይርጉእ ኵነተ-ኣእምሮ ኣለው ወይ ድማ ዋሕዲ ልቦና ዘለዎም እዮም። እቶም ምስ ቀልብና ዘለና ሰባት ነዚ ዘይሞራላዊ ዘረባን ብድኹማት ሰባት ዝዝርጋሕ ዘይሃነጽቲ ሓሳባትን ክንሰምዕ ንውዕል ከይንህሉ ነስተውዕል። ንህይወትና ልቦና ብዘይ ተዓደሉ ሰባት መጻወቲት ክትከውን ምፍቃድ የዋህነት እዩ።

ንኣብነት ኣብ ገዛውትኹም ብመጻኢ ዘይሓስብ፡ ኩሉ ዝተሰመየ ዝዛረብ፡ ኣብ ጸሓይ ክጽሎ ዝውዕልን ልቦና ዝወሓዶን ሰብ ኣሎ ንበል። ንሱ ኩሉ ግዜ ኣብ ጐደና ምስ ወዓለ እዩ። እዚ ሰብ እዚ ዝዛረቦ መስሓቕ ስለ ዝኾነ፡ እቶም ራኢ ዘይብሎም ኣብ ህይወት ትሩፋት ዝኾኑ ሰባት ኣብ ከባቢኡ ክዓስሉ ትጽበዮ ነገር እዩ። ንስኻ ግን ኣንታ መንእሰይ ብዓል ንጹር ራኢ፡ ብሩህ መጻኢ ዘለካ፡ ናይዚ ዘይተዓደለ ሰብ ዕላል ክትሰምዕ ክትውዕል ምርጫኻ ምገበርካዮ ዶ?

ርግጸኛ እየ! ምስ ቀልብኻ እንተ ደኣ ኣለኻ ኣይትመርጾን ኢኻ። ኣብ ቲክቶክ ዘለው ጸረ ኣፍራይነት ዝኾኑ መደባት ዝፍንው ሰባት፡ እቶም እንተስ ብዕሽነቶም እንተስ ብኽፍኣቶም ዝፍንውዎ ጽዩፍ መደባት ገንዘብ የኻዕብቱ ኣለው። ንስኻ ድማ ጉልባብ ምዝንጋዕ፡ ልቦናኻን ኣፍራይ ግዜኻን ብላሽ ተባኺና ኣለኻ። ገሊኡ ድማ ፍልጠት ሓዘል ዝመስል ዝንቡዕ ታሪኽ ዝፍንዉ'ውን ኣለው፣ ካብ መዓቶም ክትድሕን ንታሪኽካ ነቲ ኣብ ውዕሎ ዝወዓለ ወናኒ ታሪኽ ተወከሶ። ንኣብነት ኣብ ገዛኻ ኣቦኻን ኣደኻን ዓበይቲ ኣሕዋትካን ከለው፡ ንጎረቤትካ ወይ ድማ ንወዲ ዓድኻ ብዛዕባ ወለዶኻ ኣይሕተትን እዩ። እንተ ሓተትካ'ውን ርጡብ ሓበሬታ ስለ ዘይትረክብ ኣብ ምድንጋር ኢኻ ክትነብር። ኣብ ቤትካ ፈልፋሊት ማይ ዒላ ከላ፡ ኣብ ናይ ጎረቤት ዘሎ ማይ ባስካ ንደሊ ከይንህሉ ነስተውዕል።

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሳምራዊት መለስ

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ዞባ ማእከል ኣስመራ

ብፍ/በ/መሰል ተኽለ ምሕረትኣብ ሃብቱ፡ ብፍ/በ/ዕዳ ዳንኤል የውሃንስ፡ ንሬጽሚ ዝምልከት ጉዳይ ስለ ዘለዎ፣ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል 10/4/25 ኣብ ቤ/ፍ 2ይ መጋቢያ ቁ.49 ቅረብ፡፡

ከሳሲ ወረ/ፍ ተኽለማርያም ነጋሲ ተሰፋ (ፍቓዱ ወልዳይ ጉልቡት) ተኸሰስቲ፡ 1.በረኸት ተኽለማርያም ነጋሲ 2.ኣልጋሽ ተኽለማርያም ነጋሲ 3.ኣብርሃም ተኽለማርያም ነጋሲ 4.ኣማኑኤል ተኽለማርያም ነጋሲ 5.ኣድሓኖም ተኽለማርያም ነጋሲ 6.ሰለማዊት ተኽለማርያም ነጋሲ ንናይ ምቅሊት ውርሻ ዝምልከተ ጉዳይ ስለ ዘለኩም፣ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል 11/4/25 ኣብ ቤ/ፍ ቁ.47 ቅረቡ፡፡ እንተዘይቀሪብኩም፡ ጉዳይኩም ኣብ ዘየለኹምሉ ክረአ ምዃኑ ንፈልጡ፡፡

ቀሺ እምባየ ኣባይ ዑቕባሚካኤል፡ ወላዲያይ ኣብ ከተማ ኣስመራ ዞባ 4 ተ ምምሕዳር 03 ጎደና ኣርበኞች ቁ/ገዛ 10 ቀንዲ 6 ክፍልታት ሓገዙቲ ክፍሊ 1 ዘለዎ፡ ብኮሚሽን ኣባይቲ ብቁ/ምስክር 115717 ዝተመዝገበ፡ እቲ ፍርቂ ብጽሒቱ ንዓይ ክኸውን፣ ኣብ ጎዳይፍ ዘሎ ብጤሳ ብቁ/መለለዪ ቁ/000331-ብሎክ 07 ፓርሰል M ዞን 5A ኣብ ክልል 04 ዝርከብ ንሓወይ እዮብ ኣባይ ክኸውን ለበዋ ስለዝገደፈ፣ ደጽደቐልና ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን7/4/25 ኣብ ቤ/ፍ ቁ.47 ይቕረብ፡፡

ወ/ሮ ኣለን ተሰፋይ ኣለማዮ፡ ብዓል ቤተይ በላይ ክብረት በየነ ስለዝዓረፈ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 7 ደቅና ምስ 1ተተካኢ ወዱ ድማ ወረስቲ ምዃኖም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን2/4/25 ኣብ ቤ/ፍ 1ይ መጋቢያ ቁ.47ይቕረብ፡፡

ወ/ሮ የርሳሌም እስቲፋኖስ ገብረእግዚኣብሄር፡ ኣቦይ እስቲፋኖስ ገብረእግዚኣብሄር በራኺን ኣደይ ሃና ነጋሽ ኣድሓኖምን ሓብተይ ናዝሬት እስቲፋኖስ ገብረእግዚኣብሄርን ስለዝዓረፉ፡ ኣነ ጥራይ ወራሲት ምዃነይ ይረጋገጸለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን15/4/25 ኣብ ቤ/ፍ 9ይ መጋቢያ ቁ.32 ይቕረብ፡፡

ኣቤል ክፍሎም ኢያሱ ምባል ተሪፉ፡ ኣቤል ክብሮም ገብረእየሱስ ተባሂሉ ይተኣረመለይ፡ ስም ኣደይ ድማ ብርኽቲ ኪዳነ ሰመረ ምባል ተሪፉ፡ ሓረጉ ክብረኣብ ክፍለ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን7/4/25 ኣብ ቤ/ፍ ቁ.47 ይቕረብ፡፡

ከሳሲት ወ/ሮ ኣልማዝ መንግስትኣብ ዑቕባዝጊ፡ ተኸሳሲ ኣቶ ብርሃ ተኽለሃይማኖት ሳህሉ፡ ናይ መኪና ስም ዋንነት ምትሕልላፍ ክሲ ተመስሪቱልኪ ስለዘሎ፡ ን15/4/25 ኣብ ቤ/ፍ 9ይ መጋቢያ ቁ.32 ይቕረብ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዕዳጋ እኽሊ

ፊሊሞን የውሃንስ ተስፋማርያም፡ ኣቦይ የውሃንስ ተስፋማርያም ኪዳንን ኣደይ ጽገሬዳ መኮንንን ስለዝዓረፉ፡ ኣነ ምስ 2 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለ፣ዝቃወም እንተሎ፡ ን14/4/25 ኣብ ቤ/ፍ 8ይ መጋቢያ ይቕረብ፡፡

ኣብ ዞባ ዓንሰባ ንኡ/ዞባ ከረን ምም/ከበ. 02 መለለዩ ቁ.ንበረት 6:000358 ዚፕ ኮድ 6K-1955 ፕሎት 84፤ ፓርሰል pop 84 ዝተመዝገበ፡ ስፍሓት መሬት 125 ት/ሜ ዝኾነ ዘይንቀሳቐስ ንብረት ሰሩሕ ገዛውቲ ክልተ ክፍሊ መደቀሲ፡ ሓደ ክፍሊ ሳሎን፡ ክልተ ክፍሊ ኽሽነ፡ ዓይኒ ምድሪ፡ ብስም 1. ሮመዳን እድሪስ ማሕሙድ 2. ከዲጃ ሰዒድ ማሕሙድ ዝተመዝገበ ስለ ዝዓደግክዎ'ሞ ናብ ስመይ ከሰግር ስለ ዝደለኹ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ኣብ ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ጀሚሩ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልታት፡ ሕጊ ብዘፍቀዶ መሰረት ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ ናይ መኣገዲ ትእዛዝ ወይ ናይ መውዓሊታ ውሳኔ ሒዙ ናብ ቤ/ጽ ካዳስተር ዞባ ዓንሰባ ይቕረብ፡፡ ተቓዉሞ እንተዘይቀሪቡ ግን ኦርጂናል ሰነዳተይ ኣቕሪበ ጉዳየይ ክፍጸም ምዃነይ እሕብር፡፡

ኣቶ ቢንያም ገብረማርያም ተላ

ኣብ ዞባ ማእከል ከተማ ኣስመራ ዞባ 7 ምምሕዳር 04 ፕሎት 1 ፓርሰል "ዞና ኢ." ጎደና 409 ብኮምሽን ኣባይቲ ቁ.ምስክር ወረቐት 105555 ብመወከሲ ቁጽሪ 108567 ብስም ወረስቲ ኢብራሂም ስራጅ ባዱሪ ዝተመዝገበ ክፋሉ 56.80 ት/ሜ ኣብ ልዕሊኡ ክልተ ቀንዲ ክፍሊ ምስ ክልተ ተሓጋገዝቲ ዝሓዘ ስለዝዓደግክዎ'ሞ ናብ ስመይ ከመሓላልፎ ስለ ዝደለኹ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልቲ ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ መኣገዲ ኣብ ቤት ጽሕፈት ፓብሊክ ኖታሪን ቤት ጽሕፈት ካዳስተርን ከቕርብ፡፡ ዝቃወም እንተዘይቀሪቡ ግን ኦርጂናል ሰነዳተይ ኣቕሪበ ናብ ስመይ ከመሓላልፍ ምዃነይ እሕብር፡፡

ኣስካሉ ገብረሂወት ደበሳይ

ኣብ ከተማ ሰንዓፈ ዞን 05 መጠራ ፕሎት 7 ክፋል ፕሎት 7 ዝርከብ፡ ብቁ.ምስክር ወረቐት 520030 ብመወከሲ ቁ.520535 ብስም ኣደይ ወ/ሮ ሂወት ቀሳቲ ጻድዋ ናይ ዝተመዝገበ ኦርጂናል ሰነድ ዋንነት (ሊብሬቶ) ገዛ ስለዝጠፍኣኒ፡ ዝረኸቦ ወይ ብዕዳ ሐዚዎ ዝብል እንተልዩ፡ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልታት፡ ብቁጽሪ ቴለፎን 07161717 ክሕብረና፡፡ እንተዘይተኻይኑ፡ መተካእታኡ ክውሃበኒ ምዃነይ እሕብር፡፡

ወ/ሮ ኣብርሄጼን ገብረመድህን ለማ

### ምልክታ ጨረታ

ዓይነት ጨረታ፦ ዝቖረጽ ጓርዲሴ ቴሲታታ፡ ኮፕረስራ፡ ክሎርን፡ ካሎተረን ዝተፈላለዩ ዓይነት ጓርዲሴ

ኣሃዱ፦ ኩባንያ መጉዓዝያ ሓረት

ኣርእስቲ ውዕል፦ ንሓደ ዓመት ውዕል ምጽጋን ፕሪንተራትን ፎቶኮፒየራትን ንምክያድ

ዓይነት ጨረታ፦ ሃገራዊ ክፉት ጨረታ

ኩባንያ መጉዓዝያ ሓረት ካብ 01/ሚያዝያ/2025 ክሳብ 31/ሚያዝያ/2026 ንዘለዋኦ ፕሪንተራትን ፎቶኮፒየራትን ጽገና ከካይድ፡ ብቑዓትን ሕጋውያንን ተጫረትቲ ይዕድም፡፡

ተጫረትቲ ክማልእዎ ዘለዎም ነጥብታት፦

1. ኩባንያ መጉዓዝያ ሓረት ንሕጋውያን ተጫረትቲ፡ ዋጋታት ናይ ኣብ ላዕሊ ዝተጠቕሰ ጽገና ብዕሹግ ደብዳበ ከቕርቡ ይዕድም፡፡
2. ጨረታ ንኹሎም ሕጋውያን ኣብ ላዕሊ ዝተጠቕሰ መስርሕታት ጽገና ዘካይዱ ክፉት'ዩ፡፡
3. ተጫረትቲ፡ ቅዳሕ ናይ 2024 ዝተሓደሰ ፍቓድ ንግዲ፡ ቅዳሕ ታሲራ ከምኡ'ውን ቅዳሕ ዓመታዊ ግብሪ ዝኸፈልሉ ሰነድ (Clearance) ናይ 2023 የቕርቡ፡፡
4. ተጫረትቲ ናብ ኣሃዱ ዕድጊ ኩባንያ መጉዓዝያ ሓረት ብቑጽሪ ስልኪ 163686 ብምድዋል ተወሳኺ ሓበሬታ ክረኽቡን ናይ ጨረታ ሰነድ ክወስዱን ይኽእሉ፡፡
5. ተጫረትቲ፡ ሰነድ ጨረታ ንምውሳድ፡ ዘይምለስ ጥረ ገንዘብ 100 ናቕፋ ብምኽፋል ክወስዱ ይኽእሉ፡፡
6. ምልክታ ጨረታ ኣብ ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ጀሚሩ ን20 መዓልታት ክፉት ኮይኑ፡ ኣብ መበል 20 መዓልታ (ናይ ስራሕ ዕለት ምስ ዘይኮውን ድሕሪ መበል 20 መዓልቲ ዘሎ ናይ ስራሕ ዕለት) ሰዓት ዓሰርተ ቅድሚ ቀትሪ ተጫረትቲ፡ ሕጋውያን ወኪልቲ፡ ሰለስርዓት ወይ ኣከፋፍታ ጨረታ ክዕዘቡ ዝመጽኡ ሰባትን ኣብ ዝተረኸቡሉ፡ ኣብ ኩባንያ መጉዓዝያ ሓረት ይኸፈት፡፡ ደንገዩ ዝቐረበ ጨረታ ተቐባልነት የብሉን፡፡
7.ንመኽበሪ ጨረታ ዝኸውን 20.000 ናቕፋ (ዕስራ ሽሕ ናቕፋ) ብ (C.P.0) ኣተሐዝዮም የቕርቡ፡፡
8. ጨረታ፡ መምርሒ ዕድግን ምምሕዳርን ንብረት መንግስትን ብዘፍቅዶ መሰረት ይካየድ፡፡
9. ተጫራቲ ነቲ ዝተዓወተሉ ጽገና ባዕሉ ወይ ብወከልቱ ክኢላታት ጥራይ ጽገና ከካይድ ይፍቀደሉ፡፡
10. ኩባንያ መጉዓዝያ ሓረት ዝሓሸ ኣማራጺ እንተረኺቡ ጨረታ ብኸፊል ወይ ብምሉእ ናይ ምስራዝ መሰሉ ዝተሓለወ እዩ፡፡

ኣብ ዞባ ዓንሰባ ንኡስ ዞባ ከረን ከበ. 04 ዞን 2 ጎደና 633 ዚፕ ኮድ 6K-1381 ፕሎት 269 ፓርሰል - በመለለዩ ቁ/ንብረት 6BRKRN001075 ዝተመዝገበ፡ ስፍሓት መሬት 497. 32 ት/ሜትር ዝኾነ፡ ዘይንቀሳቐስ ንብረት (ገዛ) ካብ ኣቶ እስቲፋኖስሙሴ ክፍል ብዋጋ ኣብ 1983 ዓ/ም ዝገዛእኩዎ ኮይኑ፡ ናብ ስመይ ከሰግሮ ስለ ዝደለኹ፣ ዝቃወም እንተሃልዩ፡ ጋዜጣ ካብ ዝወጸሉ ጀሚሩ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልታት፡ ሕጊ ብዘፍቅዶ መሰረት ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ ናይ መኣገዲ ትእዛዝ ወይ ናይ መውዓሊታ ውሳኔ (ይግባይ ተባሂሉሉ እንተኾይኑ) ሒዙ ናብ ቤት ጽሕፈት ፓብሊክ ኖታሪን ቤት ጽሕፈት ሃገራዊ ካዳስተርን ይቕረብ፡፡ ተቓዉሞ እንተዘይቀሪቡ ግን ኦርጂናል ሰነዳተይ ኣቕሪበ ጉዳየየ ክፍጸም ምዃነይ እሕብር፡፡

ኣቶ ፍስሃጼን ምሕረትኣብ ኣሚነ

ኣብ ዞባ ዓንሰባ ንኡስ ዞባ ከረን ከበ. 03 ዞን 2 ጎደና 914፡ 916 ዚፕ ኮድ 6K 1381 ፕሎት 104 ፓርሰል Pop 104 ስፍሓት መሬት 180 ት/ሜትር ዝኾነ፡ ዘይንቀሳቐስ ንብረት (ገዛ ካብ ወ/ሮ ጸሃይቱ ተኽለሃይማኖት ፍካኽ ፍርቂ ብጽሒተይ ብሕጊ ዝተቐበልክዎ ኮይኑ፡ ናብ ስመይ ከሰግሮ ስለ ዝደለኹ፣ ዝቃወም እንተሃልዩ፣ ጋዜጣ ካብ ዝወጸሉ ጀሚሩ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልታት፣ ሕጊ ብዘፍቅዶ መሰረት ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ ናይ መኣገዲ ትእዛዝ ወይ ናይ መውዓሊታ ውሳኔ (ይግባይ ተባሂሉሉ እንተኾይኑ) ሒዙ ናብ ቤት ጽሕፈት ፓብሊክ ኖታሪን ቤት ጽሕፈት ሃገራዊ ካዳስተርን ይቕረብ፡፡ ተቓዉሞ እንተዘይቀሪቡ ግን ኦርጂናል ሰነዳተይ ኣቕሪበ ጉዳየይ ክፍጸም ምዃነይ እሕብር፡፡

ኣቶ በርሀ የሰሃንስ ርእሶም

ኣብ ዞባ ዓንሰባ ንኡስ ዞባ ከረን ከበ. 03 ዞን 2 ጎደና 914-916 ዚፕ ኮድ 6K1381 ፕሎት 104 ፓርሰል pop 104 ስፍሓት መሬት 180 ት/ሜትር ዝኾነ፡ ዘይንቀሳቐስ ንብረት (ገዛ) ካብ ኣቶ በርሀ የውሃንስ ርእሶም ፍርቂ ብጽሒተይ ብሕጊ ዝተቐበልኩዎ ኮይኑ፡ ናብ ስመይ ከሰግሮ ስለ ዝደለኹ፣ ዝቃወም እንተሃልዩ፡ ጋዜጣ ካብ ዝወጸሉ ጀሚሩ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልታት፡ ሕጊ ብዘፍቅዶ መሰረት ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ ናይ መኣገዲ ትእዛዝ ወይ ናይ መውዓሊታ ውሳኔ (ይግባይ ተባሂሉሉ እንተኾይኑ) ሒዙ ናብ ቤት ጽሕፈት ፓብሊክ ኖታሪን ቤት ጽሕፈት ሃገራዊ ካዳስተርን ይቕረብ፡፡ ተቓዉሞ እንተዘይቀሪቡ ግን ኦርጂናል ሰነዳተይ ኣቕሪበ ጉዳየይ ክፍጸም ምዃነይ እሕብር፡፡

ወ/ሮ ጸሃይቱ ተኽለሃማኖት ፍካኽ

### ምልክታ ጨረታ

ዓይነት ጨረታ፦ ጽገና ፕሪንተራትን ፎቶኮፒየራትን

ኣሃዱ፦ ኩባንያ መጉዓዝያ ሓረት

ኣርእስቲ ውዕል፦ ንሓደ ዓመት ውዕል ምጽጋን ፕሪንተራትን ፎቶኮፒየራትን ንምክያድ

ዓይነት ጨረታ፦ ሃገራዊ ክፉት ጨረታ

ኩባንያ መጉዓዝያ ሓረት ካብ 01/ሚያዝያ/2025 ክሳብ 31/ሚያዝያ/2026 ንዘለዋኦ ፕሪንተራትን ፎቶኮፒየራትን ጽገና ከካይድ፡ ብቑዓትን ሕጋውያንን ተጫረትቲ ይዕድም፡፡

ተጫረትቲ ክማልእዎ ዘለዎም ነጥብታት፦

1.ኩባንያ መጉዓዝያ ሓረት ንሕጋውያን ተጫረትቲ፡ ዋጋታት ናይ ኣብ ላዕሊ ዝተጠቕሰ ጽገና ብዕሹግ ደብዳበ ከቕርብ ይዕድም፡፡
2. ጨረታ ንኹሎም ሕጋውያን ኣብ ላዕሊ ዝተጠቕሰ መስርሕታት ጽገና ዘካይዱ ክፉት'ዩ፡፡
3. ተጫረትቲ፡ ቅዳሕ ናይ 2024 ዝተሓደሰ ፍቓድ ንግዲ፡ ቅዳሕ ታሲራ ከምኡ'ውን ቅዳሕ ዓመታዊ ግብሪ ዝኸፈልሉ ሰነድ (Clearance) ናይ 2023 የቕርቡ፡፡
4. ተጫረትቲ ናብ ኣሃዱ ዕድጊ ኩባንያ መጉዓዝያ ሓረት ብቑጽሪ ስልኪ 163686 ብምድዋል ተወሳኺ ሓበሬታ ክረኽቡን ናይ ጨረታ ሰነድን ክወስዱን ይኽእሉ፡፡
5. ተጫረትቲ፡ ሰነድ ጨረታ ንምውሳድ፡ ዘይምለስ ጥረ ገንዘብ 100 ናቕፋ ብምኽፋል ክወስዱ ይኽእሉ፡፡
6. ምልክታ ጨረታ ኣብ ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ጀሚሩ ን20 መዓልታት ክፉት ኮይኑ፡ ኣብ መበል 20 መዓልታ (ናይ ስራሕ ዕለት ምስ ዘይኮውን ድሕሪ መበል 20 መዓልቲ ዘሎ ናይ ስራሕ ዕለት) ሰዓት ዓሰርተ ቅድሚ ቀትሪ ተጫረትቲ፡ ሕጋውያን ወኪልቲ፡ ሰለስርዓት ወይ ኣከፋፍታ ጨረታ ክዕዘቡ ዝመጽኡ ሰባትን ኣብ ዝተረኸቡሉ፡ ኣብ ኩባንያ መጉዓዝያ ሓረት ይኸፈት፡፡ ደንገዩ ዝቐረበ ጨረታ ተቐባልነት የብሉን፡፡
7. ንመኽበሪ ጨረታ ዝኸውን 20.000 ናቕፋ (ዕስራ ሽሕ ናቕፋ) ብ (C.P.0) ኣተሐዝዮም የቕርቡ፡፡
8. ጨረታ፡ መምርሒ ዕድግን ምምሕዳርን ንብረት መንግስትን ብዘፍቅዶ መሰረት ይካየድ፡፡
9. ተጫራቲ ነቲ ዝተዓወተሉ ጽገና ባዕሉ ወይ ብወከልቱ ክኢላታት ጥራይ ጽገና ከካይድ ይፍቀደሉ፡፡
10. ኩባንያ መጉዓዝያ ሓረት ዝሓሸ ኣማራጺ እንተረኺቡ ጨረታ ብኸፊል ወይ ብምሉእ ናይ ምስራዝ መሰሉ ዝተሓለወ እዩ፡፡

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሳምራዊት መለስ

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዕዳጋ እኽሊ

ከሳሲት ወ/ሮ ርሻን ጉብረኣምላኽ ጉብረያሱሉ ተኸሳሲ 1.ተስፋሂወት ኣለም መለስ 2.ወጋሕታ በትርም ናይ ሞዝዓትት ክሲ ተመስሪቱልካ ስለዘሎ ን31/4/25 ኣብ ቤ/ፍ 6ይ መጋባእያ ቅረብ፡፡ እንተዘይቀሪብካ ጉዳይካ ኣብዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ክፈልጥ፡፡

ከሳሲ ኣቶ የሲፍ ተመልሶ ብርሃ፡ ተኸሳሲ 1.ኣቶ ዘርእማርያም ተመልሶ 2.ኣቶ ሃብቶም ተመልሶ 3.ኣቶ ተኽለ ተመልሶ 4.ወ/ሮ ሰናይት ተመልሶ ናይ ወሁብቶ ምጽዳቕ ክሲ ተመስሪቱ ስለዘሎ ን31/4/25 ኣብ ቤ/ፍ ቅረቡ፡፡ እንተዘይቀሪብኩም፡ ጉዳይኩም ኣብ ዘየለኹምሉ ክረአ ምዃኑ ክፈልጡ፡፡

ወይዘ ኣሰፋው ጉብረኣብ፡ ብዓል ቤተይ ተጋ/ኣስመላሽ ኣስፍሃ ገ/ማርያም ስለዝተሰወኣ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 6 ደቁ ድማ ወረስቲ ምዃኖም ይረጋገጸለም ስለ ዝበለት፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን11/4/25 ኣብ ቤ/ፍ 6ይ መጋባእያ ይቕረብ፡፡

ኣቶ የናስ ሃብቶም ረዘ፡ ኣደይ ምሕረት ብርሃ ዓ/ሚካኤል ስለዝዋረፈት፡ ኣነ ምስ 1ሓፍተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለ፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን11/4/25 ኣብ ቤ/ፍ 6ይ መጋባእያ ይቕረብ፡፡

ዓወት ባስልየስ ጉብረኪዳን ምግዕ ተሪፋ፡ ዑቕባስላሴ ጉብረኪዳን ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን7/4/25 ኣብ ቤ/ፍ 5ይ መጋባእያ ይቕረብ፡፡

ከሳሲት ቀሳት ግዚ. ርእሶም፡ ተኸሳሲ የልያን ዳሞክ፡ ናይ ሞዝዓትት ክሲ ተመስሪቱልካ ስለዘሎ፡ ን11/4/25 ኣብ ቤ/ፍ 6ይ መጋባእያ ቅረብ፡፡ እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብ ዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ክፈልጥ፡፡

ሳምሶም ክፍለማርያም ተወልደ ምግዕ ተሪፋ፡ ሳምሶም ክፍለም ሃብተገርግሽ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን11/4/25 ኣብ ቤ/ፍ 6ይ መጋባእያ ይቕረብ፡፡

መርከብ የናስ ሃይሉ፡ ኣቡሓጎይ ሃይለ ገዘሀይ ግርማይ፡ ዓባይ ኣቦ ኣብርሃ ጸጉ ስለዝዋረፉ፡ ኣነ ንወላዲያይ ተኪኤ ምስ 11 ኣሕዋቱ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለ፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን11/4/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ወ/ሮ ሚህለት ሃይለ ተስፋይ፡ ሓፍተይ ዘውዲ ሃይለ ተስፋይ ስለዝዋረፈት፡ ኣነ ጥራይ ወራሲት ምዃነይ ይረጋገጸለይ ስለ ዝበለት፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን11/4/25 ኣብ ቤ/ፍ 6ይ መጋባእያ ይቕረብ፡፡

ኣብ መንጎ ከሳሲ ኣቶ ተስፋማርያም ተኽለብርሃንን ተኸሳሲ ኣቶ መሓረና ሓድጉ ወ/ማርያምን ዘሎ ናይ ሰም ምትሕልላፍ ክርክር፡ ተኸሳሲ ኣድራሻኻ ስለዘይተፈልጠ፡ ብጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ተጸዊዕካ ን10/4/25 ኣብ ቤ/ፍ 8ይ መጋባእያ ቅረብ፡፡ እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብ ዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ክፈልጥ፡፡

ተኸሳሲት ወ/ሮ ሳራ ተኸስተ መንገሻ፡ ብኸሳሲት ወረ/ፍ/ሄር ተኸስተ መንገሻ ወረ/ፍ/ ፍቓር ጸጋይ ንምቕሊት ውርሲ ዝምልከት ክሲ ቀሪቡልኪ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን10/4/25 ኣብ ቤ/ፍ 8ይ መጋባእያ ቅረቢ፡፡ እንተዘይቀሪብኪ፡ ጉዳይኪ ኣብ ዘየለኽሉ ክረአ ምዃኑ ክፈልጢ፡፡

ፍጽም ድራር፡ ብዓልቲ ቤተይ ትርሓስ መሓሪ መብራህቱ ስለዝዋረፈት፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 5 ደቅና ድማ ወረስቲ ምዃኖም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለት፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን14/4/25 ኣብ ቤ/ፍ 8ይ መጋባእያ ይቕረብ፡፡

ኣብ መንጎ ብፍ/በ/መሰል ኣቶ ሙብራህቶም ኣይጆጉብ፡ ብፍ/በ/ዕዳ ኣቶ ጉብረኪዳን ብርሃ ጻዕዳ ዘሎ ናይ ፈጸሚ ክርክር፡ ንጹር ኣድራሻኻ ስለዘይተፈልጠ፡ ብጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ተጸዊዕካ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን7/4/25 ኣብ ቤ/ፍ 5ይ መጋባእያ ቅረብ፡፡ እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብ ዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ክፈልጥ፡፡

ወ/ሮ ግደይ ተኸስተ ጉብረማርያም፡ ኣደይ ጽጋይ ወልደማርያም ስለዝዋረፈት፡ ኣነ ምስ 3 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለት፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን11/4/25 ኣብ ቤ/ፍ 6ይ መጋባእያ ይቕረብ፡፡

ፊሊሞን ኣብርሃ ተስፋገርግሽ፡ ወለድና ኣብርሃ ተስፋገርጊሽን ኣዴና ስምረት ጸጋይ ሓምበርን ስለዝዋረፉ፡ ኣነ ምስ 8 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለ፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን7/4/25 ኣብ ቤ/ፍ 5ይ መጋባእያ ይቕረብ፡፡

ኤልሳ ዑቕባስላሴ፡ ብዓል ቤተይ ካሕሳይ ተስፋሚካኤል ሰመረኣብ ስለዝዋረፈ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 13 ደቅና ድማ ወረስቲ ምዃኖም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለት፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን14/4/25 ኣብ ቤ/ፍ 8ይ መጋባእያ ይቕረብ፡፡

ወ/ሮ ደሃብ እንድርያስ ተኪኡ፡ ብዓል ቤተይ ገረዝጊሄር ኣጠ ጉብረስላሴ ስለዝዋረፈ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 9 ደቅና ድማ ወረስቲ ምዃኖም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለት፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን14/4/25 ኣብ ቤ/ፍ 8ይ መጋባእያ ይቕረብ፡፡

ወ/ሮ ርዛና ኣስመሮም፡ ብዓል ቤተይ ዓንደብርሃን ዘርእዝጊ ስዩም፡ ስለዝዋረፈ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 1ወድና ድማ ወራሲ ምዃኑ ይረጋገጸሉ ስለ ዝበለት፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን14/4/25 ኣብ ቤ/ፍ 8ይ መጋባእያ ይቕረብ፡፡

ኣማኑኤል ግርማይ፡ ኣቦይ ግርማይ ጉብረእግዚኣብሄር ጉብረስላሴ ስለዝዋረፈ፡ ንወላዲተይ ናይ መጻምዲ ማሰለ ይተሓለወላ፡ ኣነ ምስ 3 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለ፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን14/4/25 ኣብ ቤ/ፍ 8ይ መጋባእያ ይቕረብ፡፡

ንገሰ ሰለሙን ኣልመደም፡ ኣደይ ስምረት የሲፍ ኣስፍሃ ስለዝዋረፈት፡ ኣነ ምስ 1 ሓፍተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለ፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን14/4/25 ኣብ ቤ/ፍ 8ይ መጋባእያ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ጻዕዳ ክርስትያን

ወ/ሮ ኣልማዝ መርሃይ ወልደትንሳኤ፡ ኣደይ ሉተብርሃን ወልዳይ ንጉሰ ስለዝዋረፈት፡ ኣነ ምስ 6 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለት፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን10/4/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

እንድርያስ ጉብረሂወት ጉብረኣብ ምግዕ ተሪፋ፡ ነብዩት ጉብረህይወት ጉብረኣብ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን10/4/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዓዲ ጓዕዳድ

ወ/ሮ ማኣዛ ግደ ኣውዓለም፡ ብዓል ቤተይ ካሕሳይ በራኺ ተወልደመድህን ስለዝዋረፈ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 2 ደቅና ድማ ወረስቲ ምዃኖም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለት፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን28/4/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ምሕረትኣብ መዝሙብ ጉብረኣምላኽ፡ ሰም ኣደይ ጸገ መሓሪ ሃብተማርያም ምግዕ ተሪፋ፡ ሉተብርሃን ተኽለሚካኤል ተስፋሚካኤል ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን21/4/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ተኸሳሲ ኣቶ ወልደትንሳኤ ወልደስላሴ፡ ብከሳሲት ወ/ሮ ልዋም ሰለሙን ወልዱ ናይ ሓዳር ክሲ ቀሪቡልካ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን10/4/25 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ፡፡ እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብ ዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ክፈልጥ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ መንደፈራ

ዘበሸ ጉብረሂወት ተስፋይ፡ ብዓል ቤተይ ኣብርሃ ገዘሀይ ማረ ስለዝዋረፈ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 4 ደቅና ድማ ወረስቲ ምዃኖም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለት፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን28/5/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ከሳሲ ጉይትኦም ተኽለ ዘርኣማርያም፡ ተኸሳሲት ብርኽቲ ወልደማርያም መብራህቱ፡ ናይ ሓዳር ክሲ ቀሪቡልኪ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን21/5/25 ኣብ ቤ/ፍ ቅረቢ፡፡

ከሳሲ ዳዊት ክፍላይ ጉብረሚካኤል፡ ተኸሳሲት ዑቕባማርያም ሰለሙን ሃማርያም፡ ናይ ሓዳር ክሲ ቀሪቡልኪ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን28/5/25 ኣብ ቤ/ፍ ቅረቢ፡፡

ሱልጣን ሃይለ ጉብረክርስቶስ ምግዕ ተሪፋ፡ ሱልጣን ሃይለ ጉብረእየሱስ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን2/4/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ከሳሲት ናርዶስ እዮብ ተስፋሚካኤል፡ ተኸሳሲ ሰለሙን ኢትባረኽ በርሀ፡ ናይ ሓዳር ክሲ ቀሪቡልካ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን28/5/25 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ፡፡

ሩት ተኽሉ ርእሶም ምግዕ ተሪፋ፡ ኤደን ተኽሉ ርእሶም ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን16/4/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡



ምስጋና

ብምስዋእቲ እፍቅሮ ኣቦናን ሓውናን ካፒተን ጎይትኦም ጉብረስላሴ ሓጎስ (ወዲ ሰጋ) ዝተሰማዓና መሪር ሓዘን እናገለጽና፣ ኣብ መቓብር ሓርበኛታት መንደፈራ ዘቃበርኩምናን ካብ ውሽጥን ወጻእን ብኣካልን ብተሌፎንን ዘጸናናዕኩምናን ሕሰም ኣይትርከቡ የቐንየልና እናበልና ሓዘንና ንገልጽ፡፡

ብዓልቲ ቤቱ ወ/ሮ ኤልሳ መንግስተኣብ ምስ ደቃን ምሉኣት ስድራቤትን፡፡

---

ኣብ ዞባ ደቡብ ንኡስ ዞባ ደባሩዋ ምም/ ከባቢ ዞ1 (መረብ) ውዕል ቁጽሪ 003/2013 ብዕለት 25/03/2013 ካብ ኣደይ ነ/ሄር ጸገወይኒ ተኽለ ሰመረኣብ ብውሁብቶ ዝረኸብኩዎ፡ ናብ ስመይ ከሰጋግሮ ስለ ዝደለኹ፣ ዝቃወም እንተሃልዩ፡ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልቲ ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ መኣገዲ ወይ'ውን ይግባይ ተባሂሉ እንተኣይሩ ውሳነ ሐዙ ናብ ቤት ጽሕፈት ካዳስትራል ዞባ ደቡብ ን/ዞባ መንደፈራ ይቕረብ፡፡ እንተዘይቀሪቡ፡ ብዘለዊ ሰዉት ጉዳየይ ክውድእ ምዃነይ እሕብር፡፡

ኣቶ ተኽሉ ጉብረሂወት ጉዱም

---

ብስም ደጆን ጎይትኦም ተስፋገርግሽ ዝተመዝገበ፡ ብቁ.ፍ.ዋሪን ASL00036833 ዝኾነ፡ ኣብ ዞባ ማእከል ን/ዞባ ማ/ከተማ ጎደና ኣፍዓበት ቁ.ገዛ 80 ዝርከብ ናይ መሸጢ መቀያየሪ ኣቑሑት መካይን ትካለይ ንኣቶ ተኽሊያ ተኪኤ ጉብረያውሃንስ ኣድራሻ ዞባ ማእከል ን/ዞባ ትራቨሎ ጎደና ክሳድ ቁ.ገዛኑካብ ዕለት 20/2/2025 ክሳብ ዕለት 19/02/2028 ኣካርየዮ ስለ ዘለኹ፣ ዝቃወም ምስ ዝህሉ፡ እዚ ምልክታ እዚ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ኣብ ውሽጢ ሰላሳ መዓልቲ፡ ስልጣን ዝለዎ ቤት ፍርዲ ተቓውሞኡ የቕርብ፡፡ እንተዘይቀሪቡ፡ ዝቃወም ኣካል ከምዘየለ ተቖጺሩ እቲ ናይ ክራይ ውዕል ሕጋዊ ምዝገባ ከምዝፍጸመሉ ክፈልጥ፡፡

ደጆን ጎይቶኦም ተስፋገርግሽ

---

ኣቶ ኣንተነህ ፍስሃየ በየ፡ ዝተፈቐደሎም ናይ መዐደሊ ነዳዲ ንግዳዊ ትካሎም "መዐደሊ ነዳዲ ካምፖ ፖሎ" (TOTAL CAMPO POLLO) ተባሂሉ ክጽዋዕ ስለ ዝሓተቱ፣ እዚ ናይ ንግዲ ስም ቅድሚ ምምዝጋቡ ዝቃወም ኣካል እንተሎ፡ ኣብ ውሽጢ ሓደ ወርሒ ካብ ሕጋዊ ቤት ፍርዲ መኣገዲ የቕርብ፡፡ እንተዘይቀሪቡ፡ ዝቃወም ኣካል ከምዘየለ ተቖጺሩ እዚ ናይ ንግዲ ስም ከምዝምዝገብ ክፈልጡ፡፡


ክፍሊ ውሽጣዊ ንግዲ

---

ማሕበር ኤርትሮ ጀርመን
ERITREISCH - DEUTSCHE VEREIN
ERITRO - GERMAN ASSOCIATION

ምልክታ ንኩሉኹም ኣባላት ማሕበር ኤርትሮ ጀርመን፡፡ ማሕበርና ንቕዳም ዕለት 29 መጋቢት 2025፡ ልክዕ ሰዓት 3:00 ድሕሪ ቐትሪ ሓፈሻዊ ጉባኤ ከካይድ እዩ፡፡ ተሳታፍነት ናይ ኩሉ ማሕበርተኛ ኣገዳሲ ስለዝኾነ ኩሉ ኣባል ነዚ ኣኼባ ክሳተፎ ብኽብሪ ንዕድም፡፡

TEL: 122193



ያቆብ መርሃዊ (ጃክ)

# እቲ ዘይተማህረ ኣገልጋሊ

## ጽውጽዋይ

### ካልኣይ ክፋል

ህበይ ኣበሰሮም፡

“እሺ ጐይታይ፡ ብሩኽ መዓልቲ፡” ድሕሪ ምባል ናብታ ፍሩታ ዝሓዘት ዘንቢል ሰጕመ። ነታ ዘንቢል ኣብ መንኩቡ ተሰኪሙ ኣብቲ ግሩም ህንጻ ወጸ።

ህበይ ኣበሰሮም፡ ካብታ ዓዲ ከባቢ ዕስራ ደቓይቕ ምስ ተጓዕዘ ኣብ መገዲ ኣዕረፈ።

ንሓጺር ግዜ ድሕሪ ምዕራፉ፡ ነታ ዘንቢል ክፍትሻ ጀመረ። ብጽባቐ እቲ ፍሩታ ተገሪሙ ንገለ ደቓይቕ ፈዚዙ ጠሚቱ።

“እዋእ! ካብዚ ፍሩታ እንተብላዕኩ ጐይታይ ይፈልጢ'ዶ ይኸውን!?” ንኣብሱ ሓተታ። ጽንሕ ኢሉ፡

“ነዚ ኵሉ ፍሩታ ብዝሒ ከመይ ገይሩ



ክፈልጦ ይኽእል!?” ሕጂ'ውን ንኣብሱ ብሕቶ ኣዋጠሮ።

ኣብታ ዘንቢል ንዝነበረት ንእሽቶ ወረቐት ኣልዒሉ ርኣያ። ጽሑፍ ነበራ። ነቲ ጽሑፍ ደጋጊሙ ርኣዮ። እንታይ ይብል ከምዝነበረ ክፈልጦ ኣይከኣለን።

“እዚ ጽሑፍ እንታይ ይብል ይህሉ? ብዛዕባ ሰላምታ እዩ ዝኸውን!? እዋይ ዘይምምሃር ክሓስም! ተማሂረ ነይረ እንተዝኸውን ነዚ ጭሕግርግር ዝበለ ጽሑፍ ጽቡቕ ገይረ መንበብኩዎ ነይረ። እዚ ጭሕግርጋር ድማ ቀውም-ነገር ዘለዎ ምኻኑ ምተረዳእኩ። ኣነስ ከመይ ዝበልዎ ሕማቕ ፍጥረት እየ!? ግን ከኣ ናይ ሰላምታ ምኻኑ ርዱእ እዩ። እንታይ ዘፍርህ ኣሎ፧” ነታ ወረቐት ኣብቲ ዘንቢል ኣንቢሩ፡ ካብተን ፍሩታ ክበልዕ ወሰነ። ካብተን ፍሩታ ሓንቲ ዓባይ ኣልዒሉ፡

“ነዛ ሓንቲ ፍሩታ እንተበሊዐያ እቲ ዝኸዶ ዘለኹ ህበይ ከመይ ገይሩ ክፈልጣ ይኽእል!? ፈጺሙ ኣይፈልጣን እዩ። መዓስ ጠንቋሊ ኰይኑ! ስለዚ፡ እንተበላዕኩዋ ጸገም የብሉን፡” ነታ ፍሩታ ደጊሙ ርኣያ። ደስ በሎ።

“ስለዚ፡ እንተበላዕኩዋ ይሓይሽ! ይቕረታ ጐይታይ ሓንቲ እንተበላዕኩ ነውሪ ኣይኰነን። ኣይትቀየመለይ ከኣ፡” ነታ ፍሩታ ናብ ኣፉ ኣቕሪቡ ክበልዓ ጀመረ። እናሓየኸ ከኣ፡

“ኣሰይ! ክንደይ'ከ ክትጥዕም'ያ!? ኣዝያ ጥዕምቲ ፍሩታ፡” ብሓጐስ ምብልዑ ቀጸለ። በሊዑ ምስ ወድአ ኣፉ ሓቢሱ ጕዕዞኡ ቀጸለ።

ኣብ መገዲ እናኸደ ሓንቲ ፍሩታ ብምብልዑ ኣይ-ሕማቕ ኣይ-ጽቡቕ እናተሰመዮ ምስ ነብሱ እናተራገመን እናተሓጐሰን ሓደ ዕስራ ደቓይቕ ከደ። ሕጂ'ውን ከዕርፍ ኢሉ ኣብ ትሕቲ ዓባይ ገረብ ኮፍ በለ። ኮፍ ድሕሪ ምባሉ ነታ ፍሩታ ዝሓዘት ዘንቢል ኣተኩሩ ጠመታ። ሕጂ'ውን ብላዕ-ብላዕ መጽኦ።

“እዋእ! ሓንቲ በሊዕካ ክልተ በሊዕካ ብዙሕ ፍልልይ የብሉን። ስለዚ፡ ሓንቲ እንተደገምኩ መዓስ ነውሪ ኰይኑ። ክንድ'ዚ ዝኣክል ፍሩታ ተሰኪምካ ከይበላዕካ መዓስ ይኸየድ ኰይኑ። ቅድመይ ዝነበሩ ተለኣኣኽቲ ከይበልዑዶ ይኸዱ ነይሮም ይኾኑ? ዘይመስል እዩ!? ስለዚ፡ ሓንቲ ክወሰኽ፡” ናብታ ዘንቢል ቀረበ። ነቲ ኣብ ቅድሚኡ ዝነበረ ፍሩታ ብዓይኑ ፈተሾ። ሽዑ፡

“ነዚኣ ንእስ ዝበለት እንተበላዕኩዋ ፈጺመ ኣይፍለጥን'የ። ነዛ ንእሽቶ መን ከቕልበላ ይኽእል?” ብምባል ሓንቲ ንእሽቶ ፍሩታ ካብ'ታ ዘንቢል ኣልዓለ።

“ኣይትሓዝለይ ፍሩታ መዓረይ። ንዓኺ ድማ ብልዕ ኩብለኪ እየ፡” ነታ ንእሽቶ ፍሩታ ክበልዓ ጀመረ። እናሓየኸ ድማ፡

“ኣሰይ ክንደይ'ከ ትጥዕም ንእሽቶይን ጥዕምትን፡” ሓጐስ ዓሲልዎ ቀልጢፉ ወድኣ። ኩብገስ ኩብል ነታ ንእሽቶ ወረቐት ኣልዒሉ ርኣያ።

“እዚ ጭሕግርጋርሲ እንታይ ይብል ይህሉ? ከምቲ ዓንተቦይ ዝበልኩዎ ሰላምታ እዩ ዝኸውን። እቶም ዝተመሃሩስ ከመይ ገይሮም ነዚ ጭሕግርጋር የንብብዎ። ናይ ብሓቂ ቀውም ነገር ኣለዎ ማለት ድዩ!? እንተተማሂርካስ ንዚይከኣል ትኽእል ማለት ድዩ!?” ነታ ወረቐት ኣብታ ዘንቢል ኣቐሚጡ ምስ ነብሱ እናተዛረበ ነታ ዘንቢል ኣልዒሉ ጕዕዞኡ ቀጸለ። ቅልጥፍ ቅልጥፍ ኢሉ እናሰጐመ ናብታ ዓዲ ገጹ ቀረበ። ነታ ዓዲ ኣማዕድዩ ምስ ረኣያ፡ ነቲ ዘንቢል ካብ ማእገሩ ኣውሪዱ ነታ ዓዲ ብደቂቕ ክምርምራ ጀመረ።

ይቕጽል...

## ንኣፍልጦ

## ሰያመ ኣስመራ

ፍቱዋት ተመሃሮ፡ ርእሰ ከተማ ሃገርና ዝኾነት ኣስመራ ስማ ብኸመይ ከምዝወጽአ ኣፍልጦ ይህልወኩምዶ ይኸውን?

በሉ ንሎሚ ነቶም እትፈልጡ ንዝያዳ ሓበሬታ እቶም ዘይትፈልጡ ከኣ ንኣፍልጦ እዚ ጽሑፍ ነቕርበልኩም። ሰናይ ንባብ።

ከባቢታት ኣስመራ፡ ቅድሚ ኣማኢት ዓመታት ዝተፈላለዩ ኣስማት ከም ዝነበርዎም ብኣፈ-ታሪኽ ይዝንቶ። ንኣብነት ብደፓዚቶ ዝፍለጥ ከባቢ፡ ጕቦ ሽለላ፡ ኣባሻውል፡ ግንባር ኣባ ዓውትስ፡ ከባቢ ቤት ጊዮርጊስ፡ ቀይሕ ወተግ፡ ኣብ ኣርባዕተ ኣስመራ ተደኲነን ዘለዋ ከባቢታት፡ ግርሁ ኣግማል፡ ዕዳጋ ዓርቢ፡ ሽኻ ፍርትት ይበሃሉ ከም ዝነበሩ ይዝንቶ። ብዘይካ'ዞም ዝተገልጹ ከም ብዓል ጎዳይፍ፡ ገጀረት፡ ዘባን ሰንቀይ ... ነናይ ገዛእ ርእሶም ታሪኽ ኣመጻጽኣ ኣስማት ኣለዎም። ንሎሚ ግን ነታ፡ ‘ኣስመራ’ ዝብል ስም መመንጨዊት ዝኾነት ከባቢ፡ ‘ኣርባዕተ ኣስመራ’ ዝምልከት ከነቕርብ፡



ኣህዛብ ኣርባዕተ ኣስመራ፡

ኣብ ከባቢ ዓመተ 1250-1300 ኣብ ኣርባዕተ ማይ ቤታት ተፈላልዮም ይቕመጡ ነበሩ። ብሰንኩ፡ ካብ ዝተፈላለየ ቦታታት ዝመጽኡ ወረርቲ የጥቅዕዎም ነበሩ። እቲ ሓደ ማይ ቤት ክውረር ከሎ፡ እተን ሰለስተ ማይ ቤታት ይረድእኦ ኣይነበራን።

ኣብዚ ሎሚ ‘ብማይ ጭሆት’ ዝፍለጥ ከባቢ፡ ማይ ክወርዳ በብመገድን ዝተኣኻኸባ ደቀንስትዮ፡ ብዛዕባ ጸገማት እቶም ወረርቲ ኣልዒለን ኣዕለላ። ኣብ ዕላለን ድማ፡ ነቶም ወረርቲ ክምክታኦም እንተኾይነን ኣርባዕቲኤን ማይ ቤታት ብጥምረት ሓደ ብምኻን ክብድሃ ከም ዘለወን ተሰማምዓ። ብዝገበርኦ ሓያል ጻዕሪ ድማ ንኽሰምራ ተረዳድኣ። ንዝኣተውኦ ውዕል ብማሕላ ኣጽደቓኦ።

ሰብኡተን ከናድዩወን ናብ ማይ ጭሆት ምስ ከዱ፡ “ድሕሪ ደጊም ኣስሚርና ኣለና። ብሓደ ንጸላእትና ክንምክት ኢና፡” ኢለን ሰሚረን።

ካብዚ ንነዮው፡ “ኣርባዕተ ኣስመራ” ተባሂለን። ጸኒሐን እተን ኣርባዕተ ማይ ቤት ማለት ገዛ ‘ሰርሰር’፡ ‘ሽለላ’፡ ‘ኣስማዓ’፡ ‘ጕሮት’ ዝበሃላ ዝነበራ ብሓደ ሰያመ፡ “ኣርባዕተ ኣስመራ” ተባሂለ ክጽውዓ ወሰና።


እዚ ናይዘን ደቀንስትዮ ውሳነ ኸኣ፡ ክሳብ ሎሚ መርኣያ ሓድነት ኰይኑ ይዝከር ኣሎ።


እምበኣር ፍቱዋት ተመሃሮ፡ ከተማ ኣስመራ በዚ ምኽንያት እያ ኣስመራ ክትበሃል ዝኸኣለት።

**ምንጪ፡ ጽሑፍ ምምሕዳር ዞባ ማእከል**

## ጕዕዞ ተመሃራይ፡ ካብን ናብን ዓይኒ ምድርን ክፍልን

ፍቱዋት ተመሃሮ እዘን ክልተ ስእልታት ሓደ ተመሃራይ ካብ ክፍሊ ናብ ዓይኒ ምድሪ፣ ካብ ዓይኒ ምድሪ ናብ ክፍሊ ዝጕዓዘለን መገድታት እየን። ናይዘን ስእልታት መልእኽቲ እንታይ ይመስለኩም? ንስኹም'ከ ከምዚኣ ዓይነት መገዲ ትኽተሉዶ? ጽሓፉልና ኣብ ዝቕጽል ሕታማት ሓሳብኩም ክነቃልሖ ኢና።




## መልሲ ግድል ደደ

### ብምድማር

1 + 4 = 5

2 + 5 = 7

### ብምጕዳል

9 - 3 = 6

6 - 0 = 6

# ስሰዐን መበራትዒ መድሃኒትን

ሌ/ኰለኔል ፍስሃየ ኣድሓኖም
መኮንን ጥዕና - ሚኒስትሪ ምክልኻል

ብዞሶባ ግፍዕታት ስርዓት ናዚ፡ ጀርመን ክለዓል ከሎ፡ ዝይተዘርበ ደኣ እምበር ዘይተገብረ የለን ዝብል እዩ። ኣብ መጀመርያ 2ይ ውግእ ዓለም ሂትለር ንመኮንናቱ ወጽኢታዊ ስራሕ መታን ክሰርሑ ኣዝዮም ዓመጸኛታትን ህልኸኛታትን (aggressive and competitive behavior) ዝኾኑሉ ሜላ ክናደ ከም ዘሎዎ ንሓቢይሙ ኣዘዙ፡ እቶም ዝተኣዘዙ ሓኪይም ወይ ናይ ስነቀመም ክኢላታት ድማ ዓመጸኛ ባህሪ ከምዝህልወካ ዝገብር መድሃኒት ኣጸኒዮም ከምዝዓለወ፡ ሓደ ካብቲ ኑቶም መኮንናት ዝወሰዶም ዝበረ መበራትዒ መድሃኒት ከኣ እዚ ሎሚ 'ዶፒንግ' ተባሂሉ ዝፍለጥ ዘሎ፡ ስሰዓት ስፖርተኛታት ብሕቡእ ዘዘውትርዎ መድሃኒት ምዃኑ ዶክተር ፊረደርክ ማርቲን ዝተባህለ ጸሓፋይ ኣብታ 'ስቱቅርጃን ስቱተግባርን ደቂሰብ' ዘርእስታ መጽሓፉ፡ ብዛዕባ ኣጀማምራ መበራትዒ መድሃኒት ጽሒፉ ኣሎ። ይኹን ደኣ እምበር እቶም መኮንናት ነቲ ድሕሪ መድሃኒት ምውሳዶም ዘርኣዩዎ ጠባይ ወይ ወጽኢት እንታይ ከም ዝበረ ዝገልጽ ሓበሬታ የለን።

***

ካብ ሕማቕ ባህርያት ወዲሰብ ሓደ ስስዐ እዩ። ሰብ ስስዕ እንተኾይኑ ብዘይካ ንዓይ ካልእ ኣይፈልጥን። ክፉል ናይ ነገራት ጥራይ ዘይኮነ ንብምሉኡ ባዕሉ ክጥቕልልን ክጥዕብትን ይሃርፍ። ካብኡ ሓሊፉ'ውን ካልኦት ዝደኸምሉን ዝጸዓሩሉን ሃብቲ፡ ክብሪ ዝናን ህብቡትን ከይተሰከፈ ክምንጥል ይደሊ። ስሱዕ ተማሳገን ኣይፈልጥን፤ ንዓይን ናባይን ዞማእከለ (self-centered) ክኸውን ኣለዎ ዝብል ኣጠማምታ እንተዘይብኩይ ካልእ ቋንቋ ኣይርድኦን። ሓደ ሓደ ግዜ ብዛዕባ ስስዐ ክትሓስብ ከለኻ ምሳና ዝውለድ ድዩ ወይስ ምስ ተወለድና ካብ ከበብና እንምሃሮ? ወይ ከኣ ክልቲኡ'ዶ ክኸውን ይኽእል? ኢልካ ትሓስብ'ሞ ቅኑዕ መልሲ ክትረኽበሉ ትጽገም። ስስዐ ማብቁሉ ካብይ ምዃኑ ብዘየገድስ ግን ኣብ ማሕበራዊ ህይወት ቅቡል ኣይኮነን። ኣብ ኩሉ ሕብረተሰባት ኣውራ ድማ ኣብ ሕብረተሰብና ነውርን ጸዩፍን እዩ። ይኹን ደኣ'ምበር ስሱዓት ሰባት ኣዋርሖም እናፈለጡ ዘይግባኦም ንብረት ይኹን ክብረት ንምርካብ ክሱብ ህይወት ሰባት ምቕታል ዝበጽሕ ርሑቕት ክኸዱ ኣብ ህይወትና ኣሰጋኢ ዝኾነ ስነምትታታት ከይተረፈ ክወስዱ ይረኣዩ።



እዚ ጽሑፍ'ዚ ንኹሉም መልክዓት ስስዐ ክገልጽ ዝንቀደ ኣይኮነን። ናብ ሓደ ካብ መርኣያታት ስስዐ ዝቐንዐ እዩ። ምጥቃም መበራትዒ መድሃኒት (doping) ኣብ ስፖርታዊ ውድድራት።



ምውሳድ ወይ ምጥቃም መበራትዒ መድሃኒት፡ ሓደ ካብቶም ስስዕ ዝደርኾም ሞራላውን ሕጋውን ጥሕሰትን ጸዩፍ ተግባርን እዩ። መበራትዒ መድሃኒት ዝጥቀሙ ሰባት፡ ኣብ ግዜ ስፖርታዊ ውድድራት ንመጋጥምቶም በለጽም፡ ካብ ወጽኢት ናይቲ ውድድር ዝርከብ ረብሓ ንምምንጣል ዝፍጽምዎ ናይ ዓመጽ ተግባር እዩ። ከመይ'ሲ ኣብ ውድድራት ስፖርት ዝርከብ ጥቕሚ ዝበዝሐ እዋን ዓለምለኻዊ መዐቀኒ ዘለዎ ኣዝዩ ዓብዩን ዘወናውንን እዩ። እቲ ረብሓ ዝበዝሕ ግዜ ብኣማኢታት ኣሽሓት ዶላራት ዝገመት እዩ። በዚ ምኽንያት፡ ኩሎም ብደረጃ ዓለም ዕውታት ስፖርተኛታት ኣዝዮም ሃብታማት እዮም። ዴቪድ ቡዮም፡ ማይክል ጆርዳን፡ ሰሬና ውሊያምስ፡ ራፋኤል ናዳልን ካልኦት ብዙሓትን ሻምፒዮን ዓለምና ከም ኣብነት ክንጠቕስ ንኽእል ኢና።

ስፖርተኛታት ገንዘብ ጥራይ ኣይኮነን ረብሓኦም። እኳ ደኣ እቲ ዝዓበየ ንሱዩም እውን ኣመና ዝገደስሉ፡ ህቡብነትን ዝናን እዩ። ብርግጽ ድማ ኣብ መላእ ዓለም ካብ ዝኾነ ህዝቢ ዝያዳ ዝተጠቕሱ ሰባት ዘይፈልጥ ዳርጋ ውሑድ እዩ። ንምውድዳሩ ክጥዕመና እኳ ካብ ሃገራት ኣፍሪቃን እሲያን ኤውሮጳን ካብ ነፍሲ ወከፈን ሓላመሾተ ፕሬዝደንትታት ወይ ርእሰ ብሄራት ንጥቀስ እንተዝበል ክንደይ ምጠቐስና? ርግጸኛ እየ ብዙሓት ካብና ክልተ ወይ ሰለስተ ምስ ጠቐስና ንምውሳኽ ምተሸገርና። ስፖርተኛታት ጥቓሱ እንተዝበል ግን ልዕሊ ሓምሳ ክንጠቕስ እውን ጸገም ኣይምሃለወናን። ኣረ ገለኦምስ ካብ ኣንስቶም ሓሊፎም ክሱብ ስድራቤቶም ዝፈልጡ ኣይሰኣኑን። እዚ ከምዚ ዓይነት ዝናን ፋይናንሳዊ ረብሓን ዘጠሮ ስስዕ እዩ እምበኣር ገለ ስፖርተኛታት ንቲ ካብ ውድድር ስፖርት ዝርከብ ክብርን ረብሓን ንምጭባጥ ኣብ ዘይእቶ ክኣትዉ ዝረኣዩ። ነዊሕ ታሪኽ ከይገንጸልና፡ ሓደ ካብቶም ግዳያት ናይ ከምዚ ዓይነት ተግባር ኮይኑ ኣብ ማዕከናት ዜና ዓለም ብጠዝሒ ዝተዘርበሉ ስፖርተኛ ላንስ ኣርምስትሮንግ እዩ። ኣመሪካዊ ተቐዳዳማይ ብሽክሌታ ኣርምስትሮንግ ሸውዓተ ግዜ ቻምፕዮን ቱር ዲ ፍራንስ ብምዃኑ ኣብ ታሪኽ ቅድድም ብሽክሌታ ተኣምራታዊ ጅግንነት ዝፈጸመ ሰብ ተባሂሉ ኣብ ዓለም ስሙ ዝገነነ ብዙሕ ዝተወደሰን እዩ። እንተኾነ ኣብ መወዳእታ እቲ ተኣምር ዝሰርሐ ጅግና ኣርምስትሮንግ ባዕሉ ዘይኮነስ እቲ ዝወሰዶ ዝበረ መበራትዒ መድሃኒት ምዃኑ ተቓሊዑ።

**መበራትዒ መድሃኒት (doping) እንታይ እዩ?**

እዚ መበራትዒ መድሃኒት እናተባህለ ዝግለጽ ግን እንታይ'ዩ? ብርግጽ'ከ የበራትዕ ድዩ? መበራትዒ መድሃኒት ዝበሃሉ ቀመማት ካልእ ዘይኮነ ኣብ ኣካላትና ካብ ዝርከቡ ብጅምላ 'ኣናቦሊክ ስቴሮይድስ' ተባሂሎም ዝፍለጡ ዝተፈላለዩ ሆርሞናት እዮ ዝዓሉ። እዞም ሆርሞናት ብትእዛዝን ምቁጽጻርን ሓንጎል ካብቶን ምስ ኩሊት ተጸጊዐን ዝርከባ ጸኒታት ኣድረናል ዝተባህለ ሆርሞን ዝፈልቁ እዮም። ኣናቦሊክ ስትሮይድ ኣብ ቀመማዊ መስርሕ ኣካላትና (metabolic process) ኣገዳሲ ሆርሞናት ጥራይ ዘይኮኑስ ሰብ ብዘይኣኦም ክነብር እውን ኣይክእልን እዩ። እቲ ካልእ ኣብዚ እከይ ናይ ምትላል ተግባር'ዚ ዝውዕል ሆርሞን ኣብ ሓንጎል ካብ ዝርከብ ፑቲታሪ ጸኪ ዝጸሞቑ ናይ ዕብየት ሆርሞን (growth hormone) ተባሂሉ ዝጽዋዕ እዩ። እዚ ዓይነት ሆርሞን'ዚ ንዕብየት ኣካላትና ዝቈጻጸርን ዝወስንን እዩ።

ብዙሕ ደኣ ዘውቱር ኣይኮነን እምበር ካብ ፍረ-ኩበሲ ዝጸሞቑ ቴስተስትሮን ዝበሃል ሆርሞን'ውን ኣብዚ ተግባር'ዚ ከምዝውዕል ይጥቀስ እዩ። ቴስተስትሮን ኩሉ እቲ ንሰብ ተባዕታይ ባህሪ ከምዘህልዎ ዝገብር ሆርሞን ኮይኑ፡ ብኣኹሉ ዓቐን ምሳና ዝውለድ እዩ። ምስ ምውሳኽ ዕድመ ከኣ ዓቕሙ እናወሰኸ ይኸይድ። ኣብ ደቂተባዕትዮ ካብ ከበቢ 16 ጀሚሩ ክሱብ 21 ዓመት ኣብ ዘሎ ግዜ ብዝለዓለ ዓቐን ይፈሪ። በዚ ድማ፡ ቀልዑ ኣብዚ ዕድመ'ዚ ምስ በጽሑ ማለት በጽሒታት ምስ ኮኑ፡ ዝይጸንሖም ጠባይ የርእዩ። ህልኸኛታትን ዓመጸኛታትን ይኾኑ ሕርቃናም ምቁጽጻር ይስእኑ። ምቕልቃል ጭሕሚ፡ ምግዛፍ ኣፍልቢን ምሕያል ጭዋዳታትን ምቕያር ድምጺ ጕረሮን ወጽኢት ናይዚ ሆርሞን እዚ እዮም። በዚ ኢጋጣሚ ደቅና ኣብዚ ዝተጠቕሰ ዕድመ'ዚ ምስ በጽሑ ብዝርእይዎ ከምዚ ዝኣመሰለ ጠባያት ክንግረም የብልናን። ውሽጣዊ ናይ ሆርሞናት ለውጢ ዘምጽኦ ምዃኑ ተገንዚብና ብምስትውዓልን ሓልዮትን ክንኣልዮም ይግባእ።

መበራትዒ መድሃኒት ዝጥቀሙ ስፖርተኛታት፡ ከም ኣገዳስነቱ ሕወሰዋስ ናይዞም ዝተጠቕሱ ሰለስተ ሆርሞናት ወይ ከኣ ብዘናጸል ነቲ ዝደልይዎ ዕላማ ንምውቃዕ ዘኽእሎም ሆርሞን እዮም ዝጥቀሙ። ኣብዚ ክፍለጥ ዘለዎ፡ ኩሎም እዞም ተጠቒሶም ዘለዉ ሆርሞናት ከም ንብረ ኣብ ትካላት ጥዕና ንዝተፈላለዩ ጸገማት መፈወሲ ተባሂሎም ብሓካይም ይእዘዙ እዮም። ኣረ ገሊኦም ከም ስቴሮይድ ዝኣመስሉ ብመልክዕ ከኒና፡ መርፍእ ወይ ዝልክ መድሃኒት ወዘተ. ኮይኖም ስለዝቐርቡ ኣዝዮም ዝውትራት እዮም። ብፍላይ እቲ ኢናቦሊክ ስቴሮይድ ወይ ኮርቲሶን ተባሂሉ ዝፍለጥ ከምኡ ድማ እቲ ናይ ዕብየት ሆርሞን ኣድላዪ ኮይኑ ኣብ ዝርከበሉ ግዜ ንሰብሒን ፕሮቲንን መስራሕትካ ናብ ሽኮር ብምልዋጥ ልዑል ጸዓት ከም ዝፍጠር ይገብር እዩ።

ሓደ ኣብ ብርቱዕ ምንቅስቓስ ዘሎ ሰብ ልዑል ጸዓት ስለዘድልዮ መጀመርያ ነቲ ኣብ ደሙ ዝጸንሐ ሽኮር እዩ ዘህልኽ፤ ቀጺሉ ድማ ኣብ ጸላም ከብዲ ንሕማቕ መዓልቲ ተባሂሉ ብመልክዕ ግሉይኮጅን ዝተኸዘነ ይጥቀም። እዚ እናተጸንቀቐ ምስ ዝኸይድ ከኣ እዞም ዝተጠቕሱ ሆርሞናት ንሰብሒን ፕሮቲንን ናብ ሽኮር ቀይሮም እቲ ሰብ ልዑል ጸዓት ከም ዝርከብ ይገብሩ። እዚ መስርሕ'ዚ ኣካላትና ባዕሉ ነቲ ኩነታት ኣንቢቡ ዝፍጽሞ እዩ።

እሞ ኣካላትና ባዕሉ እውን ዝፍጽሞ ንብረ ተግባር እንተኾይኑ ደኣ መበራትዒ መድሃኒት እንታይ እዩ ሓጥያቱ? ዝብል ሕቶ ክቐርብ ይኽእል ይኸውን። ሰባት ነዚ ባህርያዊ መስርሕ ምፍራይ ጸዓት ስለዝፈልጡ እዮም ነዞም ሆርሞናት ብልዑል መጠን ማለት ካብቲ ኣካላትና ባዕሉ ዝፍጽሞ ንብረ ዓቐን ብኣዝዩ ዝተዓጸፈ መጠን ሓዋዊሶም ብምምስራሕ እዮም ዘይንብር ጸዓት ከምዝፍጠር ዝገብሩ። ክንምዝኮ ዘለና ብፍላይ ናይ ናይ ምዕባይ ሆርሞን፡ ብዘይካ ጸዓት ምፍራይ ኣብ ህንጻት ኣካላት ዝውዕል ፕሮቲን ብዝተዓጸፈ መስራሑ ሓይሲ ኣካላት ከምዝምዕበሉ ስለዝዕብር ኣዝዩ ኣገዳሲ እዩ። ኣብዚ ግን ከም ቀንዲ ቁም ነገር ክንርድኦ ዝግበኣና ልዑል ጸዓት ዝፈጥሩ ምዃኖም እዩ። ወዲ ሰብ ኣብ መዓልታዊ ምንቅስቓሱ ንመፍረ ጸዓት ዝጥቀመሉ ወሃዱ ዝበዝሐ ግዜ ሽኮር እዩ። እቲ ምንቅስቓስ ኣመና ሓያል ምስ ዝኸውን ግን ሽኮር ጥራይ ምእካል ይኣቢ'ሞ ስብሒን ቀጺሉ ከኣ ፕሮቲንን ናብ ሽኮር ቀይሩ ይጥቀም።

ሓደ መበራትዒ መድሃኒት ዝወሰደ ሰብ እምበኣር ምስቶም መወዳደርቱ ሰባት ክጻጸር ከሎ፡ እቶም መወዳደርቱ ዝጥቀሙሉ ምንጪ ጸዓት እቲ ባህርያዊ ኣካላትና ዝምስርሖ ጸዓት እዩ። ንሱ ግን ካብቶም መድሃኒት ዘይወሰዱ ዝያዳ ብልጫታት ኣለዎ። ዝተዓጸፈ ዘይንብር ጸዓት ስለዘፍሪ ከይደኸመ ንዝዊሕን ብሓያል ድፍኢትን ይንቀሳቐስ። ደረጃ ተጻዋርነቱ (endurance) ምስቶም ዘይወሰዱ ክጻጸር ከሎ ዝተዓጸፈ ይኸውን። ናይ ባህሪ ለውጢ ይገብር፤ ህልኸኛን ተወዳዳርን መንፈስ (competitive spirit) ይህልዎን።

ይቕጽል . . .


## ሎሚ ኣብ ERI-TV

| ሰዓት | መደብ |
|---|---|
| 09:00 | ሃገራዊ መዝሙር |
| 09:05 | ኤርበክስ |
| 09:40 | ሃሎ ቈልዑ |
| 10:15 | ፓኖራማ |
| 11:00 | ለስ ስፖርት |
| 12:30 | ዜና (ትግርኛ) |
| 12:55 | ምኽሪ ሞያውያን |
| 13:30 | ዜና (ዓረብ) |
| 13:45 | መልሲ ኣብ መስመር |
| 14:20 | ናትራን |
| 16:30 | መደብ ኣከቢ |
| 17:05 | ሳይዳ |
| 18:00 | ደረት ቃና |
| 20:00 | ዜና (ትግረ) |
| 20:13 | ፊልም ዳምር E1 |
| 21:00 | ዜና (ትግርኛ) |
| 21:25 | ተኩኢንሳይት |
| 22:00 | ዜና (ዓረብ) |
| 22:10 | ጸባቐ |
| 22:30 | ዜና (እንግሊዝ) |
| 22:40 | OPEN MIC |

# ስፖርት

ሊድያ በረኸት

## ናትናኤል ተስፋጽዮን ካብ ውድድር ሚላኖ ሳንሬሞ ተኣልዩ





ኤርትራዊ ተቐዳዳማይ ክሉብ ሙቪስታር ናትናኤል ተስፋጽዮን፡ ኣብ ውድድር ሚላኖ ሳንሬሞ ስሙ ብዘይ ምርካቡ ካብ ጸወታ ከም ዝተኣልየ ተረጋጊጹ።

ኣብ ናይ ትማሊ ዓርቢ ሕታም፡ ኤርትራውያን ተቐዳደምቲ፡ ቢንያም ግርማይን ናትናኤል ተስፋጽዮንን ኣብ ሰሌዳ ውድድር ዩሲኣይ ዝወሃሃ ናይ ሓደ መዓልቲ ውድድር ሚላን ሳንሬሞ ከም ዝሳተፉ ተሓቢሩ ነይሩ። ብመሰረት ሕጊ ዩሲኣይ፡ ክሉባት ዝርዝር ኣስማት ናይ'ቶም ኣብቲ ውድድር ዝሳተፉ ተቐዳደምቲን ኣቐዲመን እየን ዝልእኻ። ስም ተቐዳዳማይ ናትናኤል ተስፋጽዮን ድማ ኣብቲ ሰሌዳ ሰፊሩ ነይሩ። ይኹን እምበር ዛጊት ብዘይተነጸረ ምኽንያት ካብ ምስታፍ ቦኺሩ ኣሎ። ብልምዓዊ ኣሰራርሓ ዩሲኣይ ብዝተፈላለዩ ምኽንያታት ከም ሕማም፡ ማህረምትን ምቅያር ሰሌዳ ጸወታን ካልእን ክሳብ ዕለተ ውድድር ምልዋጥ ተቐዳደምቲ ይፍቀድ እዩ።

እዚ ኤርትራዊ ተቐዳዳማይ ናትናኤል ተስፋጽዮን ዝቕዳደመሉ ክሉብ ሙቪስታር፡ ነዩም ኣብዚ ውድድር ሒዝዎም ትቐርብ ተቐዳደምቲ ኣብ ሰኣሊ ኣስማቶም ተዘርዚሩ ዘሎ ምኻኑ ኣጸራ ኣሎ። ትማሊ ዓርቢ ብዝወጸ ሰሌዳ ተሰለፍቲ ተቐዳደምቲ፡ ካብ ኤርትራውያን ተቐዳደምቲ ብንያም ግርማይ ጥራይ እዩ ክሰለፍ።

## ክሪስት ኮቨንትርይ፡ ቀዳመይቲ ጓል ኣንስተይቲ ፕረሲደንት ኮሚተ ኦሎምፒክ

ኣብርሃም- ዮሃንስ



ሓሙስ 20 መጋቢት ኣብ ግሪኽ ኣብ ዝተኻየደ መበል 144 ኣኼባ ኮሚተ ኦሎምፒክ፡ ዚምባብዌኣዊት ክሪስት ኮቨንትርይ ፕረሲደንት ኮሚተ ኦሎምፒክ ኮይና ተመሪጻ። በዚ ኸኣ ቀዳመይቲ ጓል-ኣንስተይትን ኣፍሪቃዊትን ንኦሎምፒክ ክትመርሖ ዝኸኣለት ዝበለ ክብሪ ክትሕዝ በቒዓ፡ ብተወሳኺ እዛ ሚኒስተር ስፖርት ዚምባብዌ ኮይና ክትዓየዩ ዝጸንሐት፡ ብምሕንባስ ክልተ ግዜ ናይ ኦሎምፒክ ሜዳልያ ክትዓትር ዝበቕዐት ጓል 41 ዓመት ምርጽቲ ፕረሲደንት፡ ዝኣሰት ዝ. መዝሙት ዝሓዘት ክትከውን ክኢላ ኣላ።

ኮቨንትርይ ካብቶም 97 ወሃብቲ ድምጺ 49 ድምጺ ብምርካብ'ያ ዚ ዓወት ክትጭብጦ ክኢላ፡ እቲ ክዕወት ልዑል ግምት ዝተወሃቦ ንዓለማዊ ማሕበር ኣትለቲክስ ክመርሖ ዝጸንሐ ሎርድ ኮ ሸሞንተ ድምጺ ጥራይ'ዩ ረኺቡ።

ኮቨንትርይ ኣብ መድረኽ ደይባ ኣብ ዘስመዐቶ መደረ፡ "እዚ ግሉባዊ ምኳንና ዘርእይ'ዩ። ብዙሕ ብደሃ ሓሊፈ'ዩ ዝልዓለ ጸፍሒ ብደቂ-ተባዕትዮ ጥራይ'ዩ ተታሒዙ ጸኒሑ። ዝርርብ መፍትሕ ከሉ ምኳኑ ተማሂረ ኣሎኹ። ንኽላትኩም ከኹርዓኩም'የ። ሕጂ ብሓባር ኩይንና እንገብሮ ዕዮ ኣሎና" ኢላ። ኣብቲ ኣጋጣሚ መወዳደርታ ኩይኑ ዝቐረበን 28 ድምጺ ዝረኸበን ኣንቶኞ ሳማራንች፡ "ብኽንደዚ ድምጺ መራሕነታ ክትጅምር ንኽልና ተሰፉ ዝሃበ'ዩ ኩልና ድማ ኣብ ጉድና ኣሎና" ኢሉ። ብዙሓት ወሃብቲ፡ ምምጻእ ኮቨንትርይ ኣህጉር ኣፍሪቃ ኣብ መሬታ ኦሎምፒክ ናይ ምእንጋድ ዘሎዋ ተኽእሎ ከበርኽ ትጸብየ ይገብሩ። ካብ ህንድን ሃገራት ማእከላይ ምብራቕን ውድድር ክመጽኣ ዝኽእል እኳ እንተኸኑ፡ ደቡብ ኣፍሪቃ ኦሎምፒክ 2036 ከተኣንግድ ሕቶ ኣቕሪባ ትርከብ።

ኮቨንትርይ ዝመጽእ 23 ሰነ ካብቲ ንብቲ-ጽሕፈት ኦሎምፒክ ን12 ዓመት ዝመርሖ ወዲ 71 ዓመት ቶማስ ባች ሓላፍነት ክትቅበል'ያ። ንኮቨንትርይ ምርግጋጽ ጸታዊ ምዕሩይነት፡ ክሊማዊ ለውጢ፡ ጉዳይ ሓይሊ ዝሁብ መድሃኒት፡ መራኸቢ ብዙሓንን ምዝንጋዕን ዝበሉ ኣርእስትታት ኣብ ናይ ኦሎምፒክ ጸንሒታ ካብቶም ዛዕባ ኩይናም ዝቐርቡ'የም።

## ዕሉልላት ደገፍቲ ኒውካስል . . .




ዕሉል ደጋፊ ኒውካስል፡ ኣብ ቅልጽሙ፡ ስም ናይ'ቶም ኣብ ፍጻመ ጸወታ ካራባኦ ካፕ ሸቶ ብምምዝጋብ ንኒውካስል ዋንጫ ክትዓትር ዝበቕዐዋ፡ ኢሳቕን በርንን ተወቒጡ።

ከም ዝፍለጥ ኒውካስል ዩናይትድ (ማግፒስ)፡ ኣብ ልዕሊ ሊቨርፑል 2ብ1 ብምዕዋታ፡ ናይ ውሽጢ ሃገር ድሕሪ 70 ዓመታት፡ ድሕሪ 65 ዓመታት ከኣ ብሓፈሻ ዋንጫ ከተልዕል በቒዓ'ያ። በዚ ድንቂ ዝኾነ ዓወት ዝተሓጎሰ፡ ሓደ ዕሉል ደጋፊ ድማ፡ ዕምሩ ምሉእ ንዛ ታሪኻዊት ዕለት ንኽይርስዓ ካብ ዝበለ፡ ስም ናይ'ቶም ነዚ ዓወት ክውን ዝገበሩ ኣሌክሳንደር ኢሳቕን ዳን በርንን፡ ከም'ኡ'ውን ሸቶ ዘመዝገቡለን ደቃይቕ ዘለዎ ውቃጦ ኣብ ቅልጽም ኢዱ ኣሰፊሩ።

ኣሌክሳንደር ኢሳቕ፡ ቀድሚ ሰለስተ ዓመታት እግሩ ኣብዚ ክሉብ ካብ ዘንበረ፡ ስሙን ስም ጋንታኡን ክብ ዘበለ፡ ኣብ'ዚ ግጥም'ዚ (ኣብ መበል 53 ደቒቕ) ድማ ሸቶ ዘመዝገበን ኣጥቃዓይ ክኸውን ከሎ፡ ዳን በርን ድማ ልዑት እዛ ክሉብ ንኽይድፈር ልዑል ኣስተዋጽኦ ኣብ ልዕሊ ምግባሩ፡ ኣብ መበል 45 ደቒቕ ሸቶ ብምምዝጋብ ዝደመቐ ተኸላኻላይ'ዩ። እዚ ደጋፊ ኒውካስል እምበኣር፡ ነዛ ውቃጦ ብኡንብኡ ኣብ ገጻት ማሕበራዊ ሚድያ ድሕሪ ምዝርግሑ፡ ብዙሓት ደገፍቲ ረኺቡላ ኣሎ።

ብተወሳኺ፡ ክራስ ዝተባህለ እንግሊዛዊ ደጋፊ ኒውካስል'ውን፡ እንግሊዛዊ ዳን በርን ጸዋእ እናልዓለ እንክሎ እተርኢ ምስሊ ተወቒጡ ኣሎ።

ንመወዳእታ ግዜ ኣብ 1955 ግዜ ዋንጫ ኤፍ ኤ ካፕ ምስ ኣልዓለት ነዛ ዋንጫ ዝጨበጠት ኒውካስል፡ ንደገፍቲ ብሓጎስ ኣሰራሰረቶም እያ። ነዚ ዝተዓዘቡ ገለ ተንተንቲ፡ "ኒውካስል ብሕጂ ኣብ ዝቕጽሉ ግጥማት ንፕሪመር ሊግ ወይ ሻምፕዮንስ ሊግ እንተ ተዓዊታትሉ ክንደየናይ ክንደዚ ከይሕጎሱ" ክብሉ ይገልጹ ኣለው። ባህጊ ዓወት ዘይገብሮ ዘይብሉ!።

## ሓጸርቲ ዜናታት

• ግሪንሊሽ ካብ ሲቲ ክወጽእ ይሓትት

ካብ ኣሰልጣኒኡ ፐፕ ጓርድዮላ እምነት ብዘይምርካቡ ዝሓደረ ወዲ 29 ዓመት ግሪንሊሽ፡ ካብታ ክሉብ ክሰናበት ይሓትት ከም ዘሎ ተገሊጹ። ግሪንሊሽ ኣብዚ ዓመት ኣብ ፕሪመርሊግ ሽዱሽተ፡ ኣብ ሻምፕዮንስ ሊግ ድማ ኣብ ኣርባዕተ ግጥማት ጥራይ ምስ ቀዋሚ ተሰለፍቲ ንምጽዓ ክወርድ ተራእዩ። እዚ ብጓርድዮላ ዝምረጽ ዘየሎ ናይ ክንፊ ኣጥቃዓይ ጸወታ ሃገራዊት ጋንታ እንግሊዝ ክረክብ ኣይከኣለን ዘሎ። ኣብ 2021 ካብ ኣስቶን ቪላ ናብ ማንቸስተር ሲቲ ዝተሰጋገረ ግሪንሊሽ፡ ካብ ሲቲ ወጺኡ ብኣወናዊ ፖዚሽን መዕረፍ ብርክት ዝበሉ ተጻወትቲ ኩይኑ ናብ ዝርከብ ሊግ ስዑድያ ክኸይድ ተኽእሎ ከም ዘሎ ይሕበር።

• ወጥን ስሎት

ሽሑኳ ሊቨርፑል ጸዋእ ዋንጫ ፕሪመርሊግ 2024/25 ዝዓተረታ ትምስል፡ ኣብ መዛዘሚ እዚ ዓመት ብርክት ዝበሉ ተጻወትታ ክትከስር ምኳና እዩ ዝገመት። ቫንዳይክ፡ ኣርኖልድ፡ ሳላሕ ውዕሎም ክዛዘሙ ኣርባዕተ ወርሒ ተሪፍዎም ብምህላው፡ ዝኾነ ሓደሽ ውዕል ክፍርሙ እንተዘይክኢሎም ኣብ ክረምቲ ብናጻ ካብ ኣንፊልድ ክሰናበቱ እዮም። ዚ ዝተረድአ ኣርነ ስሎት ዝመጽእ ዓመት ስፖርት እዞም ሰለስተ ወሰንቲ ተጻወትቲ ዘይብላ ጋንታ ይሰኣል ከም ዘሎ ተገሊጹ። በዚ ኸኣ ስሎት ኣብ ክረምቲ ሓሙሽተ ወሰንቲ ተጻወትቲ ናብ ጋንታኡ ክጽንበር'ዩ።

• ኣርሰናል፡ ኣጥቃዓይ ሃሰው ትብል

ብሕጽረት ወሳኒ ኣጥቃዓይ ትሳቐ ዘላ ኣርሰናል፡ ኑቲ ምስ ፍዮሮንቲና ኣብ ምጽዋት ዝርከብ ናይ ኤቨርተን ተጻዋታይ ዝበረ ሞየስ ኬን ብ57 ሚልዮን ዶላር ከተፈርሞ ዝርርብ ከም ዝጀመረት ተገሊጹ። ኣርሰናል ወሳኒ ኣጥቃዓያ ክኸውን ዓይና ኣውዲቓትሉ ዘላ ኣሌክሳንደር ኢሳቕ ክኸውን እንክሎ፡ በንጃሚን ሰሰኮን ዱሳን ቭላሆቪክ እውን ኣብ ራዳራ ኣትዮም ዘለዉ ተጻወትቲ'ዮም።

## ዳን በርን፡ ንፈለማ ግዜ ኣባል ሃገራዊት ጋንታ እንግሊዝ ኩይኑ

ወዲ 32 ዓመት ተኸላኻላይ ኒውካስል ዩናይትድ ዳን በርን ሰንበት ኣብቲ ኒውካስል ንሊቨርፑል 2ብ1 ረቲዓ ድሕሪ 70 ዓመት ጸዋእ ዘልዓለትሉ ግጥም፡ ሓንቲ ሸቶ ከመዝገበ እንክሎ ብሉጽ ተጻዋታይ ተባሂሉ ክሽለም በቒዑ'ዩ። ንፈለማ ግዜ ኸኣ ኣባል ሃገራዊት ጋንታ እንግሊዝ ንክኸውን ካብ ቱሸል ጻውዒት ረኺቡ ደርኩቡ።

እዚ ዝመጽእ ግንቦት 33 ዓመት ዝመልእ ስፖርተኛ፡ ኣብዛ ናይ ቱሸል ጋንታ ምጽንባሩ ንብዙሓት መዘረቢ ኣርእስቲ ኩይኑ ደርኩቡ። ኣብ ተመኩሮ ክምርከብ መሪጹ ዘሎ ጀርመናዊ ዓሳሚ ሃገራዊት ጋንታ እንግሊዝ፡ ሃብታም ተመኩሮ ኣህጉራዊ ግጥማት ዘሎዎም ደቂ 34 ዓመት ጆርዳን ሄንደርሰንን ካይል ዎልከርን ኣብ መሳርዕ ጋንታኡ ጸንቢርዎም ደርኩቡ። ዳን በርን ግን ኣባል ዓብዪ ሃገራዊት ጋንታ እንግሊዝ ብምኳን ኣብ ሃገራዊ ግጥማት ክሳተፍ እዚ ናይ መጀመርያ ተመኩሮኡ እዩ ክኸውን።

ዳን በርን ኣብዚ ሎሚ ሃገራዊት ጋንታ እንግሊዝ ንመጻረዪ ዋንጫ ዓለም 2026 ምስ ኣልባንያ እተካይዶ ግጥም ምስ ዝሰለፍ፡ ኣብ ዘመናዊ መዋእል ሃገራዊት ጋንታ እንግሊዝ ሓደ ካብቶም ዝዓበዩ ኣባላት 'ሰለስተ ኣናብስ' ክኸውን እዩ። ዳን በርን ንዝቐረበሉ ጻውዒት ሃገራዊት ጋንታ ኣመልኪቱ ኣብ ዝሃቦ መግለጺ፡ "ኣብ ዋንጫ ዓለም ምጽዋት ናይ ኩሉ ቆልዓ ሕልሚ'ዩ" ኢሉ።



## መደብ ጸወታ

ደቂ-ኣንስትዮ (ኩ/ሰከይት)

ኣርባዕተ ኣስመራ - ሓሪና 6:00 ድ.ቀ

**ደቂ ተባዕትዮ**

ሜካ - ኣሰር 7:00 ድ.ቀ

**ግጥም ኔሽንስ ሊግ**

ላክሰንበርግ - ስዊድን 8:00 ድ.ቀ

ኣዘርባጃን- ሀይቲ 8:45 ድ.ቀ

ሰንበት (ኩ/ ሰከይት)

**ደቂ-ኣንስትዮ**

ንሰሪ - መኸተ 8:00 ቅ.ቀ

**ደቂ-ተባዕትዮ**

ሓይሊ ኣየር - መኸተ 9:00 ቅ.ቀ

ሲቲ ሰንተር - መጋርሕ 10:00 ቅ.ቀ

**ግጥም ኔሽንስ ሊግ**

**ግጥማት ካልኣይ እግሪ ርብዒ ፍጻመ**

እስፓኛ ምስ ነዘርላንድ 10:45 ድ.ቀ.

ፈረንሳ - ክሮኤሽያ 10:45 ድ.ቀ.

ፖርቱጋል - ዴንማርክ 10:45 ድ.ቀ.

ጀርመን - ጣልያን 10:45 ድ.ቀ.

# ዜና ዓለም

ዮርዳኖስ ጸጋይ

## ትራምፕ፡ ክፍሊ ትምህርቲ ኣመሪካ ክዕጾ ወሲኑ



ፕረዚደንት ኣመሪካ ዶናልድ ትራምፕ፡ ፈደራላዊ ክፍሊ ትምህርቲ ናይ'ታ ሃገር ንኸዕጾ ዝሓለፈ ሓሙስ ኪታሙ ከምዝሃበረ ተፈሊጡ።

ኣብቲ ናይ ምኽታም ስነ-ስርዓት፡ ብርክት ዝበሉ ተመሃሮ ቁልዑ ተረኺቦም እቲ ክፍሊ ክዕጾ ዘለዎም ድሌት ንምግላጽ ኪታሞም ከምዝሃቡ እዩ ዝሕብር ዘሎ።

ፕረዚደንት ዶናልድ ትራምፕ፡ ምዕጻው ክፍሊ ትምህርቲ እታ ሃገር ዘርግም'ኳ እንተመሰለ ግን ግቡእ ስጉምቲ ምዃኑ እዩ ዝገልጽ ዘሎ።

ኣባላት ሰልፊ ደሞክራትስን ተጣበቕቲ ማሕበራት ትምህርትን ግን ዚ ተመሓላለፈ ዘሎ - ንክፍሊ ትምህርቲ ናይ ምዕጻው ውሳኔ ፕረዚደንት ዶናልድ ትራምፕ ቦትረ-ስልጣን ዳግማይ ካብ ዝጭብጦ ንደሓር ካብ ዝተወሰዱ ስጉምትታት እቲ ዝያዳ ኣሰናውን ኣሰንባድን ምዃኑ ብምጥቃስ፡ እቲ ውሳነ ኣብ መላእ ሃገር ንዝርከቡ ብፍላይ ከኣ ሓገዝ ዝድልዮም ተመሃሮ ብኣሉታ ክጸልምም ከምዝኽእል ኣጠንቂቖም።

ኣብ ኣብያተ-ትምህርቲ ኣመሪካ ዝርአ ዘሎ ትሑት ብቕዓት ተመሃሮ፡ ክፍሊ ትምህርቲ እታ ሃገር ሓላፍነት ክወስደሉ ከምዝግባእ ብተደጋጋሚ ክገልጽ ዝጸንሐ ፕረዚደንት ትራምፕ፡ እቲ ክፍሊ ዋላ ልዑል ማጠን ምወላ ዝገበረሉ እንተኾነ፡ ብቕዓት ተመሃሮ ግን ማዕረ ማዕረኡ ይግስግስ ከምዘየሎ እዩ ዝወቕስ።

ብመሰረት ዓለም-ለኻዊ ገምጋም ተመሃሮ፡ ውጽኢት ፈተና ተመሃሮ ኣመሪካ ካብ ኣብ ሲንጋፖር፡ ጃፓንን ካናዳን ዝርከቡ ተመሃሮ ዝተሓተ ኮይኑ እዩ ተረኺቡ ዘሎ።

ፕረዚደንት ዶናልድ ትራምፕ፡ ምዕጻው እቲ ክፍሊ ንብቕዓት ስርዓት-ትምህርቲ እታ ሃገር ክብ ከብሎ ምዃኑ ብምጥቃስ፡ ምምሕዳሩ እቲ ክፍሊ ብዘቕልጠፈ ክዕጾ ዘኽእል ሕጋዊ ስጉምትታት ክወስድ ምዃኑ ኣፍሊጡ።

ካብ መጋቢት 21 ጀሚሩ'ውን 350 ሚእታዊት ሰራሕተኛታት ክፍሊ ትምህርቲ ክሰጉግ ምዃኑ ወሲኹ ሓቢሩ ኣሎ።


ይኹን'ምበር፡ እቲ ናይ ምዕጻው ውሳኔ ክሳብ ኮንግረስ (ታሕተዋይ ባይቶ) ዘጽድቆ ተግባራዊ ክኸውን ከምዘይክእል እዩ ዝግለጽ ዘሎ።

ክፍሊ ትምህርቲ ኣመሪካ፡ ኣብ 1979 ኣብ ትሕቲ መራሕነት ፕረዚደንት ኣመሪካ ነበር ጂሚ ካርተር እዩ ተመስሪቱ።

እቲ ክፍሊ ወሰን ሓላፍነት ዘለዎ ኮይኑ፡ ብዝያዳ ኣብ ምእካብ ሓበሬታ ትምህርቲ፡ ኣብ ምዝርጋሕ መጽናዕትታት፡ ኣብ ምምቕራሕ ፈደራላዊ ሓገዝን ጸረ-ኣድልዎ ስጉምትታት ኣብ ምውሳድን እዩ ክሰርሕ ጸኒሑ።

## ሓላፊ ጸጥታ እስራኤል ካብ መዝነቱ ወሪዱ





ቀዳማይ ሚኒስተር እስራኤል ቤንያሚን ናታንያሁ፡ ሓላፊ ጸጥታ ሃገሩ ኣብ 7 ጥቅምቲ 2023 ካብ ሓማስ ዝገጠመ መጥቃዕቲ ብኣጋኡ ከወግዶ ብዘይምኽኣሉ ካብ መዝነቱ ከምዝኣለዮ ተሓቢሩ።

ሮነን ባር፡ ናይ ስልጣን ግዜኡ ከይኣኸለ እንክሎ'ዩ ካብ ስልጣኑ ንኽብረር ካብነ ሚኒስተራት እስራኤል ብሓሙስ ኣብ ዝተገብረ ኣኼባ ወሲኑ።

ሮር ባር፡ ነቲ ብ 'ሽን በት' ዝፍለጥ ትካል ስለያ እስራኤል ንሓሙሽተ ዓመታት ክመርሖ ኣብ ጥቅምቲ 2021 እዩ ተረቚሑ።

ቤንያሚን ኔታንያሁ፡ ኣብቲ ንምኽዳግ ሮነን ባር ኣመልኪቱ ብሽንቢት ዝዘርግሖ ሓበሬታ፡ ምስ ግዜ ኣብ መንጎኦም ዘይምትእምማን ከምዝተኸሰተ ገሊጹ።

በቲ ውሳኔ ዝተቖጥዑ ብዙሓት እስራኤላውያን፡ ምሽቶም እስራኤል ኣብ ቓዛ እተካይዶ ዘላ ዳግማይ መጥቃዕቲ ዝቃወሙ ሰልፈኛታት ይሓብሩ ምህላዎም፡ ናይ ዓይኒ መሰኻኽር ይሕብሩ።

## ቓዛ - ኣብዚ ሰሙን'ዚ 600 ፍልስጤማውያን ተቐቲሎም

ኣብ መንጎ እስራኤልን ሓማስን ተበጺሑ ዝጸንሐ ግዝያዊ ስምምዕ ምቁራጽ ተጻቢኡ ኣብዚ ሰሙንዚ ካብ ዝጡሓስ ንደሓር፡ ብመጥቃዕቲ እስራኤል ዛጊት ልዕሊ 590 በርካ ፍልስጤማውያን ከምዝሞቱ ሰቡ ስልጣን ጥዕና ወሽመጥ ቓዛ ሓቢሮም።

እስራኤል ኣብ ቓዛ ብኣየርን ምድርን ብእተካይዶ ዘላ ደብዳብ፡ ቁጽሪ ምውታት ኣብ ዝሓጸረ እዋን ብዝዓጸፈ ከይወሰኽ ከቢድ ስግኣት ከምዘሎ ከኣ ወሲኾም ገሊጾም።

ሰራዊት እስራኤል፡ ኣብ ደቡባዊ ክፋል ቓዛ ናይ ኣጋር መጥቃዕቲ የካይድ ከምዘሎ ብምግላጽ፡ ናብ ሰሜናውን ምብራቓውን ክፋላት እቲ ወሽመጥ'ውን ይግስግስ ምህላዉ ሓቢሩ።

ምንቅስቓስ ሓማስ፡ ድሕሪ ምጥሓስ ስምምዕ ምቁራጽ ተጻቢኡ ንመጀመርያ እዋን ኣብዚ ቀረባ መዓልታት ናብ እስራኤል ሮኬታት ከውንጭፍ ከሎ፡ ናይ የመን ሑቲ ከኣ ኣብ ደቡባዊ ክፋል ተል-ኣቪቭ ናብ ዝርከብ ወተሃደራዊ መዓስከር ዒላማ ዝገበረ ብዙሒ ዘለዎ ሚሳይላት ከምዝወንጨፈ ገሊጹ ኣሎ።



ጥቅምቲ እስራኤልን ሓማስን ብ7 ጥቅምቲ 2023 ድሕሪ ምጅማሩ፡ እስራኤል ኣብቲ ወሽመጥ ብዘካየደቶ መጥቃዕቲ ካብ ልዕሊ 49 ሽሕ ፍልስጤማውያን ከምዝተቐተሉን ካልኦት ልዕሊ 112 ሽሕ ደማ ከምዝቖሰሉን ጸብጻብ ሚኒስትሪ ጥዕና ቓዛ የመልክት።

መንግስታዊ መራኸቢ ብዙሓን ቓዛ ብወጹ ኣብ ዝዘርግሖ ሓበሬታ፡ በቲ ፍርስራስ ህንጻታት ፕ ብዙሓት ሰባት ተደፊኖም ብምህላዎም፡ ቁጽሪ ምውታት ናብ ልዕሊ 61,700 ክብ ከይብል ስግኣት ከምዘሎ የረድእ።

## ሕ/ኤውሮጳ ንዩክሬን ክድግፋ ተሰማሚዑ



ሓላፊት ፖለሲ ጉዳያት ወጻኢ ኤውሮጳዊ ሕብረት - ኬያ ካላስ፡ መራሕቲ ናይ'ቲ ሕብረት፡ ዩክሬን ኣብቲ ምስ ሩሲያ እትገብሮ ስምምዕ ሰላም ጠንካራ ንኽትወጽእ መታን፡ ንሽሙት ኣጸዋር ዝውዕል ናይ 5.4 ቢልዮን ዶላር ሓገዝ ከበርክቱላ ተማሕጺና።

ካላስ፡ ሃገራት ኤውሮጳ ከም ዕብየት ቁጠባአን እናዋጽኣ ብጠቕላላ ክሳብ ናይ 43 ቢልዮን ዶላር ፊናንሳዊ ሓገዝ ንዩክሬን ከበርክታላ ወጥን ኣውጺኣ'ኳ እንተነበረት፡ ካብ'ተን ኣብ ደቡባዊ ኤውሮጳ ዝርከባ ሃገራት ብዘገጠማ ተቓውሞ ግን ነቲ እማመ ከምዝቁረጾቶ ይሕብር።

ፕረዚደንት ዩክሬን ቮለድሚር ዘለንስኪ፡ ኣብ'ቲ ብማግዛ ዝተሳተፎ ኣኼባ ሃገራት ሕብረት ኤውሮጳ፡ ንሽሙት ከበድቲ ኣጸዋር ዝውዕል ናይ 5.4 ቢልዮን ዶላር ህጹጽ ሓገዝ ከምዝድልዮ ከምዝሓብሮ ካላስ ኣብቲ ንጋዜጠኛታት ዝሃቦ መግለጺ ኣረዲኣ።

እታ ብዓልቲ-ስልጣን ወሲኻ፡ ኣብዚ ግዜ'ዚ ሃገራት ሕብረት ኤውሮጳ ንዩክሬን ካብ መብጽዓ ምእታው ሓሊፈን ብተግባር ክሕግዛኣ ከምዘለወን ድሕሪ ምዝኽኻር፡ "ዩክሬን ኣብ ዓውደ-ውግእ ምስ እትሕይል ጥራይ'ያ ኣብ ናይ ዘተ ጣውላ'ውን ክትዕንትር እትኽእል" ክትብል ገሊጻ።

ኣብቲ ዋዕላ፡ ብዘይካ መራሒ ሃንጋሪ ፕረዚደንት ቪክቶር ኦርባን፡ ኩሎም መራሕቲ ሃገራት እቲ ሕብረት ንዩክሬን ፊናንሳዊ ሓገዝ ብቐጻሊ ከበርክቱላ ቃል ከምዝኣተዉ'ዩ ዝግለጽ ዘሎ።

ኣብ ዝመጽእ ሰሙን፡ ሃገራት ሕብረት ኤውሮጳ ንዩክሬን ናይ 16 ቢልዮን ዶላር ሓገዝ ከበርክታላ ተሰማሚዐን'ኳ እንተሃለዋ፡ እቲ ሕጂ ተጠሊቡ ዘሎ ናይ 5 ቢልዮን ዶላር ሓገዝ ግን መዓስ ከምዝፍጸም ኣይተፈልጠን ዘሎ።

ኣብቲ ኣኼባ፡ ኣብ መንጎተን ጉደቦ ዩክሬን ዘሽሩን ካብ ዩክሬን ርሒቐን ዝርከባ ሃገራት - ኣብ ጉዳይ ፊናንሳዊ ሓገዝ ፍልልይ ከምዝተራእየ፡ ኬያ ካላስ ወሲኻ ኣረዲኣ።

## ኮንጎ - ኤም-23 ኣገዳሲት ከተማ ተቖጻጺሩ

ዕጡቕ ተቓዋሚ ጉጅለ 'ኤም-23'፡ ነቲ ብኣህጉራዊ ደረጃ ዝቐርበሉ ዘሎ እማመ ሰላም ዕሽሽ ብምባል፡ ናብ ምብራቓዊ ክፋል ደሞክራሲያዊት ሪፓብሊክ ኮንጎ ብምግስጋስ ዝሓለፈ ረቡዕ ንከተማ ዋሊካሌ ኣብ ትሕቲ ቀጽጽሩ ከምዘእተዋ ይሕብር ኣሎ።

እዚ ዕጡቕ ጉጅለ፡ ፕረዚደንት ናይ'ታ ሃገር ፍሊክስ ትሽሰኬዲ ምስ ርዋንዳዊ መዘኡ ፖል ካጋመ ቀጥታዊ ምቁራጽ ተጻቢኡ ክገበር ድሕሪ ዘቕረብዎ ጻውዒት እዩ ነታ ንጥፈታት ዕደና ዝዕደላ ኣገዳሲት ከተማ ኣብ ትሕቲ ቀጽጽሩ ዘእተዋ ዘሎ።

ኣዘዝቲ ሰራዊት ኮንጎ፡ ኤም-23 ነታ ከተማ ምልእ ብምልእ ድሕሪ ምቁጽጻሩ፡ ኣብ ሰሜናውያን ነበርቲ ከወርድ ዝኽእል ክስረታት ንምውጋድ ክበል ካብቲ ቦታ ከምዝገለሉ እዩ ኣብቲ ብሓሙስ ዝዘርግሖ ሓበሬታ ኣፍሊጡ።

ደሮውን ኣሽሓት ነበርቲ ናይ'ታ ከተማ ህይወቶም ንምድሓን ናብታ ኣብ ጥቓኣ እትርከብ ከተማ ኪሳንጊ ክሃድሙ ጀሚሮም ምህላዎም ይግለጽ ኣሎ።

ኣብዚ ናይ'ቲ ዕጡቕ ተቓዋሚ ጉጅለ፡ እቲ ሎምቓካ መንግስቲ መራሒ ቀጠር ኣብ ከተማ ዶሓ - ቀጠር ዝተኻየደ ርክብ ነቲ ዘሎ መሰረታዊ ሕቶታት ዝምልስ ክሳብ ዘይኮነ ንጻውዒት ሰላም ጸማም እዝኒ ከምዝሃቦ እዩ ኣብቲ ምስ ሮይተርስ ዘካየዶ ዝርርብ ገሊጹ ዘሎ።

ጎረቤት ሃገራትን ናይ ወጻኢ ሓይልታትን ነቲ ናብ ዝኸፍአ መልክዑ ዝምርሕ ዘሎ ውግእ-ሓድሕድ ደው ንምባል ዲፕሎማስያዊ ጻዕርታት ከካይዳ ምጽንሐን ዝዝከር እዩ።

ውድብ ሕቡራት ሃገራት፡ ርዋንዳ ን M-23 ኣጽዋር ብምቕባልን ወተሃደራታ ኣብ ጉጉ ብምስላፍን ትሕግዞ ከምዘላ ከወቕሳ'ኳ እንተጸንሐ፡ ርዋንዳ ግን "ሓቅነት ዘይብሉ ጠቕነ" ብምባል ነቲ ክሲ ደጋጊማ ትነጽጎ።

ዝሓለፈ ሰለስ ኣዘዝቲ ናይ'ቲ ዕጡቕ ጉጅለን ፕረዚደንት ፍሊክስ ትሽሰኬዲን ኣብ ኣንጎላ ተራኺቦም ተጻቢኡ ደው ንምባል ክዛረቡ መደቦም'ኳ እንተነበረ፡ ኤውሮጳዊ ሕብረት ኣብ ልዕሊ እቲ ዕጡቕ ጉጅለን ሰበስልጣን ርዋንዳን ድሕሪ ዝወሰኖ ሓድሽ እገዳ ግን፡ እቶም ተቓወምቲ ካብቲ ዝርርብ ሰላም ከምዝሽሰሉ ዝዝከር እዩ።





Sabur Printing Services